# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.302 ቀዳም 17 ነሓሰ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ተረሲዖም ዝጸንሑ 'ዓሌት' ግዳያት ናዚ ይዝከሩ



ገጽ 3
ኣገዳስነትን ጥቕምታትን ማይ

ገጽ 6
ኩነት-ኣየርን ኩነት-ኣእምሮን

ገጽ 7
ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ



ገጽ 11
ስጎንጎዝ ባንዳን ናብ ታሕተዋይ ዲቪዝን ወሪደን



## ፈስቲቫል - ነጋድያን ኣብ ቍሽት ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ብዙሕ ከምዝፈለጡ ገሊጾም




ኣብ ፈስቲቫል 2024ን ዝኸረ 50 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛን - ኣብ ቀሽት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ምስ'ቲ ንኣቀማምጣን ኣነባብራን ዘሎ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ናይ'ቲ ዞባ ንኽተስተማቕር ዝሕግዝ ቅብኣታት እውን ቀረቡ ከምዝሎ ተገሊጹ።

ነጋድያን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ "ሳላ'ቲ ንምርኢት ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ እቲ ዞባ - ከበሳዊ ቅርጺ መሬትን ክሊማን ዘለዎ ከባቢታት እውን ከምዘውንን ፈሊጥና" ኢሎም።

ሰፊሕ ገማግም ባሕርን ጸግዒ ቅርጺ-መሬትን ከምኡ'ውን ዘይተመዝመዘ ሃብታም ባህርያዊ ጸጋታት - ዘለዎ ዞባ ምዃኑ ንምልላይ ብዝቐረበ ትሕዝቶ፡ ኣድናቖቶም ዝገለጹ ነጋድያን ብዘወሳኽዎ፡ ቀሪቡ ዘሎ ጥንታዊ ቅርሲታት ንሃብታም ባህሊ ዕቃብ ዝምስክር ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ብኣካል ካብ ዝቐረበ ፍርያት ባሕሪ ናወቲ መግረፊ ዓሳን ድሕኑት ባሕርን እውን፡ ብዛዕባ ህይወት ባሕርን ቀይሕ ባሕሪ ሓቚፍዎ ዘሎ ትሕዝቶን ኣፍልጦ ከምዘረኸቡ ገሊጾም።

ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ 49 ማእታዊት ጎላጉል፡ 44 ማእታዊት ኰቦታትን ኩጀታትን ዝተረፈ 7 ማእታዊት ድማ እሳተ-ጎመራዊ ከባቢታት እዩ።

## ከተማ ኣፍዓበት ብኣግራብ ንምውቃብ ተበግሶ ተወሲዱ



ከተማ ኣፍዓበት ብኣግራብ ንምውቃብ፡ ብደረጃ ኩም ብዝተወሰደ ተበግሶ ልዕሊ 8 ሽሕ ፈልሲታት ገረብ ከምእተተኽሉ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

እቲ ቡብዕምምሕዳር ከበኡ ኣብ ኣባይቲ፡ ኣብያተ-ጽሕፈት፡ ኣብያተ-ትምህርትን መዓስከራትን ዝተተኽለ ፈልሲታት፡ ነሞ፡ ድማን ዒቃን ከምዝጠቓልል፤ እቲ 2 ሽሕ ካብኡ ድማ - ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣብ ገቦታት ከምእተተኽሉ ወከል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘጉዳምን መንእሰይ ጀማል እድሪስ ሓቢሩ።

ክራማት ክሳብ ሕጂ ጸቡቕ ስለዘሎ - ዝተተኽለ ኣግራብ ናይ ምጽዳቕ ተኽእሎኡ ልዑል ምዃኑ ሞያዊ ኣሙቱ ኣገሊሉ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ኣብ ኣፍዓበትን ከበኣን ልዕሊ 5 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ከትርታትን 12 ሽሕ ሜትሮ ዛላታትን ከምእተሰርሐ፡ ካብ መራሕቲ ናይ'ቲ ስራሕ ክኢላ ሕርሻ ዐሶማን እድሪሱናር ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጀብ፡ ኑቶም ተመሃሮ ኣብ ዝበረሎም ኣኼባ - ስለ'ቲ ኣበርክቶኦም ምስጋናኡ ኣመሓላሊፍሎም።

## ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ምዕራብ ካናዳ ብውዕዉዕ ኣገባብ ተጸምቢሉ

ኣብ ምዕራብ ካናዳ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ዓመታዊ ፈስቲቫሎም ብ3ን 4ን ነሓሰ ኣብ ከተማ ኤድመንተን ብውዕዉዕ ኣገባብ ጸምቢሎም።

እቲ ንዝኸረ 50 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ እውን ዘጣመረ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ንኣሸቱ፡ መንእሰያትን ዓበይትን ኣብ ግምት ብዘእተወ ባህላውን ስፖርታውን መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።

እቶም ዜጋታት ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ቢንያም ግርማይ ኣብ ቱር-ደ-ፍራንስ ብዘመዝገቦ ታሪኻዊ ዓወታት ዝተሰመዖም ሓበን ገሊጾም።

ምዕራብ ካናዳ ንዝባታት ብሪትሽ-ኮሎምብያ፡ ኣልበርታ፡ ሳስካችዋንን ማኒቶባን ይሓቁፍ።



## ሜጀር እድሪስ ሓጅ ማሕሙድ ተሰዊኡ

ሜጀር እድሪስ ሓጅ ማሕሙድ ናዳ፡ ብ14 ነሓሰ ኣብ መበል 73 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ለካቲት 1975 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ስውእ ሜጀር እድሪስ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ክፍሊ ታዕሊም፡ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ወተሃደራዊ ስለያን ስለያዊ ጸጥታን፤ ድሕሪ ናጽነት ድማ ክሳብ 2023 - ኣብ ፖሊስ ኤርትራ፡ ካብ ወርሒ መጋቢት 2023 ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ድማ፡ ኣብ ክፍሊ-ሰራዊት 30 ተመዲቡ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ስውእ ሜጀር እድሪስ፡ ትማሊ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ክፍሊ-ሰራዊት 30 ብማስዋእቲ ገዲም ኣባሉ ሜጀር እድሪስ ሓጅ ማሕሙድ ናዳ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ተረሲዖም ዝጸንሑ 'ዓሌት' ግዳያት ናዚ ይዝከሩ

ኣብ ቀዳማይ ስሙን ናይ'ዚ ወርሒ እዚ፡ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ብስርዓት ናዚ ናይ ዝተጨፍጨፉ ዓሌታት ሮማን ሲንቲን ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ - ፍሉይ ዓመታዊ ዝኽሪ ተወዲቡ ነይሩ። ስርዓት ናዚ፡ ንመብዛሕትኡ መሬት ኤውሮጳ ተቖጻጺሩሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ዓሌት ኣርያን ዘይኮኑ ህዝብታት ካብ'ታ ኣህጉር ንምጽራይ ኣብ ዝገበሮ ወፍሪ፡ ኣብ ርእሲ'ቶም ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ኣይሁዳውያን፡ ኣብ ኤውሮጳ ዝነብሩ ብሓፈሻዊ ስም ሮማ፡ እናተባህሉ ዝጽውዑ ዓሌታት ሲንቲን ሮማን ሰፊሕ ሳዕቤን እውን፡ ከም እተጨፍጨፉ ሰነዳት ይሕብሩ።

ንእስታት መላእ ኤውሮጳ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽሩ ኣእትዩ ዝነበረ ወተሃደራዊ ሓይሊ ስርዓት ናዚ፡ ብምብራቕ ብሰራዊት ሕብረት ሶቭየት፡ ብምዕራብን ደቡብን ከኣ፡ ብናይ ምዕራባውያን ሓይልታት ኪዳን ከም እተሓምሸሸ ይፍለጥ። ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ብፍላይ ኣብ ፖላንድ ደኲንዎ ዝነበረ 'ኣሽዊዝ' ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ቦታ - 'ዘይተደለይቲ' ዝበሎም ህዝብታት ዝዳጐሉን ዝቕተሉሉን ኣስታት 40 መዓስከራት ደኲኑ ነይሩ። ብዘይ እቶም ሰራዊት ሕብረት ሶቭየት ኣብ ጥሪ 1945 ሓራ ዘውጽኦም ብጥሜት እናተሳሕጉ ዝጸንሑ ውሑዳት እሱራት፡ ኣብ'ቲ መዓስከራት ዝኣተወ እሱር ብህይወት ዝተረፈ ኣይነበረን።

ብዘይካ እቶም ካብ መላእ ኤውሮጳ ተተገሪፎም ናብ'ቲ መዓስከራት ብጠቕ ዝተጓረቱ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ኣይሁዳውያን፡ ዓሌታት ሮማ እውን ግዳይ ናይ'ቲ ኣዋጅ ኮይኖም እዮም። ናይ'ዚ ዓሌት እዚ ህልቂት እምበኣር፡ ንበዝሒ ዓመታት ኣፍልጦ ከይተዋህቦ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ዝኽሪ ዕለት፡ ናይ ማዘከርታ ሓወልቲታት እውን ኣብ ሓያሎ ከተማታት ተሃኒጹሉ ይርከብ።

ዓሌት ሮማ፡ ሰፊሕ ሳዕቤን ከም ምዃኖም ኣብ ኤውሮጳ ዶብ ከይዓገቶም ስለ ዝንቀሳቐሱ፡ ቅድሚ ካልኣይ ውግእ ዓለም ርጉጽ ዝኾነ ብዝሒ ህዝቦም ዝሕብር ጸብጻብ ኣይነበረን። ብሰንኪ እዚ፡ ታሪኽ ህልቂት ዓሌት ሮማ ብጸጹር ከይተመዝገበ ጸኒሑ፣ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ዝኾኑ ከም እተቐትሉ ዝግመቱ መጽናዕትታት ግን ኣለዉ።

ድሕሪ ምውዳእ እቲ ውግእ፡ ነቶም ካብ ህልቂት ዝሰረሩ ዝከኣኸቡ ወገን ስለ ዘይነበረ፡ ጸብጻብ መጽናዕቲ ክእከብ ኣይተኻእለን። ዓሌት ሮማ፡ ኣብ ማሕበረሰብ ኤውሮጳ ዝተሓተ ደረጃ ዘለዎም ዝተገፍዑ ክፋል ህዝቢ ብምዃኖም፡ ስለ ማሰሎም ዝጣበቐሎም ወገን ኣይነበረን። ቀዋሚ ሰፍራ ዘይብሎም ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝግዕዙ ከም ምዃኖም እውን፡ ተጠርኒፎም ስለ ማሰሎም ክሓትቱ ዘኽእሎም ዕድል ኣይነበሮምን። ስለ'ዚ ድማ፡ ህልቂት ዓሌት ሮማ ኣፍልጦ ከይረኸበ ዓሰርተታት ዓመታት ሓሊፉ።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ከም ባይቶ ኤውሮጳን ካልኦት ውድባት ሕብረት ኤውሮጳን ዓለም-ለኻዊ ምሕዝነት 'ተዘክሮ ህልቂት ሆሎካስት' ዝኣመሰሉ ትካላት፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሮማ ዝተፈጸመ ጨፍጫፍ ኣፍልጦ ሂቦሙሉ ኣለዉ። ኣፍልጦ ናይ'ዚ ታሪኽ ናብ መጽኣቲ ወለዶ ምእንቲ ክሰጋገር ድማ፡ ኣብ ስርዓት-ትምህርቲ ክኣቱን ክዝርጋሕን ዘኽእል መደባት ወጺኦሉ ኣሎ።

ዝሓለፈ ጌጋ ንቕጽሊ ምእንቲ ከይደግም፡ ሓድሽ ወለዶ ናብ'ቲ ዝሓለፈ ጌጋ ዝወስድ መንገዲ ደጊሙ ንኸይከይድ ሓብሬታ ምሃብ የድሊ። ዓሌት ሮማ ክሳብ ሕጂ እውን እንተኾኑ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ዝተገፍዑ ምዃኖም ሓድሽ ዜና ኣይኮነን። ኣድልዎ ዝገበረሉ ከም 'ፍሉይ' ዝቑጸር ዓሌት ኣብ ማእከል እቲ 'ንቡር' ከም ዝኾነ ዝኣምን ህዝቢ ዝቕመጥ ወገን እንተደኣ ኣሎ፡ ብደረጃ ህልቂት ዝኸይድ ገበን እኳ እንተዘይተፈጸመ፡ ብዙሕ ማሰላት ክጕድሎ ከም ዝኽእል ዝሰሓት ኣይኮነን። ከም'ቲ ዝሓለፈ ህልቂት ክፍጽምሉ ዝኽእሉ ዕድላትን ናይ መጺኢ ኣጋጣሚታትን ኣይፍጠርን ክበሃል እውን ኣይከኣልን።

ኣብ ልዕሊ ዓሌት ሮማ ዝተኻየደ ናይ ህልቂት ወፈራታት፡ ኣብ'ቲ እዋን እቲ ኣብ ዝበዝሐ ዓለም ከይተሰምዐ እዩ ሓሊፉ። ስርዓት ናዚ ኣብ መጀመርታ ናይ'ቲ ውግእ፡ ነቶም ዝተገፍዑ ዓሌታት ብጃምላ ብጢያይት ይረሽን እኳ እንተነበረ፡ እቲ ማስርሕ ኣደዳ ምን ግዜ ዝወሰድን ኩዩ ምስ ረኸቦ - መዳገዲ ስፍራታት ክደኩን እዩ ወሲኑ። ብዘይካ ኣብ ብሪጣንያን ሩሲያን ካብ'ተን ተቖጻጺርወን ዝነበረ ሃገራት ኤውሮጳ ዝበሪፎም ዝተገፍዑ ዓሌታት፡ ናብ'ቲ መዳገዲ መዓስከር ይእከቡም ነበሩ።

ኣብኡ ንኸሶም እቶም እሱራት - ኣዴታትን ህጻናትን ከይተረፉ "ንኽሕጸቡ" ክዳውንቶም ከውጽኡ ብምእዛዝ፡ በዝበጅለ ናብ ጸቢብ ክፍልታት የእትዎም። ማይ ክሕጸቡ ዝጸበዩ ግዳያት፡ ብመንገዲ ሻምብቆታት ሰሚ ጋዝ ይፍንወሎም። እቲ ሬሳታት ከኣ ተኣኪቡ ይቃጸል። ኣብ'ቶም እሱራት፡ በዓይነቱ ናይ መድሃኒትን ናይ መብጣሕቲ ፈተነታትን እውን ይካየድ ነይሩ እዩ። ሓደ እዋን፡ ኣብ ሓንቲ መዓስከር ኣቀታትላኦም ዝጸበዩ ኣስታት 4300 እሱራት ዓሌት ሮማ ተዳጕኖም ነይሮም። ምምሕዳር ዘይተርፍ ምኽንያት ምስ ኣረጋገጹ - ካብ ጥሜትን ስቅያትን ንምግልጋል፡ ኣብ ልዕሊ ኣሳቓይቶም ወተሃደራት ጀርመን መጥቃዕቲ ፈጺሞም። ሓለውቲ መዓስከር ብዝበረት፡ እቶም እሱራት ከኣ ብኣብትርን ዝተረኽበ ብኢድ ክተሓዝ ዝኽእል መሳርሒን ተዋጊኦም።

እታ ለይቲ እቲኣ ከሎም እቶም እሱራት ተቐቲሎም ዝሓደሩላ ለይቲ ብምኽንያት ከም ናይ ታሪኽ ምልክት ተቘጺራ - ካብ 2015 ንደሓር፡ 'ማዘከርታ ዕለተ-ህልቂት ሮማን ሲንቲን' እናተባህለት ትጽዋዕ ኣላ። እቶም ዓሌት፡ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ 'ሮማ' ክበሃሉ እንከለዉ፡ ኣብ ምዕራብ ከኣ 'ሲንቲ' ይበሃሉ። ብሓፈሻ ዝፈላለ - ሓደ ማዕቈል ዘለዎ ቋንቋ ሮማኒ ድማ ይዛረቡ።



## ክትርዕም '1,000 ዓመት' ዝወሰደላ ዓሌት. . .

ንሓያሎ ዓመታት ካብ ሓደ ከተማ ናብ ካልእ ከተማ እናገዓዙ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ እዞም ዓሌት እዚኦም (ሮማ)፡ ካብ ግብጺ መጺኦም ዝብል ግምት ስለዝነበረ - 'ጂብሲ' እናተባህሉ እውን ይጽውዑ እዮም። ኣብ ኤውሮጳ ካብ'ቲ ካልእ ተቐማጣይ ዝተፈልየ ኣገባብ መነባብሮ ስለዘለዎም፡ ምስ'ቲ ህዝቢ ኣይተወሃሃዱን ክበሃል ይከኣል። ክሳብ ቀረባ ግዜ ዜግነት ከይሃብዎ ስለ ዝጸንሑ እውን፡ ዝኾነ ግዱዲ ክወርዶም እንከሎ - ዝጣበቐሎም ሕጊ ኣይነበሮምን።

ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም እቶም ኣዝዮም ዝተሃስሉን ዝተገፍዑን ዓሌት እናተባህሉ ክጽውዑ ጸኒሖም። ኣብ ከተማ ብዝተፈጸመት ገበን መጀመርታ ጂፕሲ እዩ ዝጥርጠር፡ ከም ቃጻሎ ወይ ካልእ ሓደጋ ምስ ዝኸሰት፡ ፖሊስ ኣብ ጂፕሲ ሃድን ይጀምር።

ዓሌት ሮማ፡ ቅድሚ ኣስታት 1,000 ዓመት ካብ ሰሜን ህንዲ በዝቐሩብ እናሳገሙ ናብ ደቡብ ኤውሮጳ ምስ ኣተዉ፡ ናብ ምልእቲ ኣህጉር ከምእተዘርግሑ ይንገር። ንኣማኢት ዓመታት ድማ፡ ኣብ ዝተንቀሳቐስዎ ሃገር ብዙሕ በደል እናወረዶም ክሳብ ሕጂ ጸኒሖም። ምስ ምቛም ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ፋሕ ኢሎም ዝርከቡ ዓሌታት ጂብሲ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ናይ ዜግነት ማሰላት ረኺቦም ኣለዉ። እቲ ተዘክሎ ጽልእን ምክፋእን ግን፡ ወረቐት መንነት ስለዝሓዙ ጥራይ ክጠፍእ ኣይክእልን።

ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ልዕሊ ጂፕሲ ኣድልዎ ከም ዘሎ እኳ ዝነገር እንተኾኑ፡ እቲ ነዊሕ ዘመናት ሱር ሰዲዱ ዝጸንሐ ኣመለኻኽታ ከም ዝይሃሰስ ወትሩ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝኸሎ እዩ። ኣብ ስርዓት ፍትሓ፡ ምምቕራሕ መንበሪ ኣብይቲ - ዝኣመሰሉ ጉዳያት ፍልልያት ከም ዘሎ ጸብጻባት የረድኡ።

ስርዓት ናዚ ኣብ ልዕሊ ሮማ ዝጀመሮ ጸቢብ ኣብ 30'ታት ዝጀመረ ዘይኮነስ፡ ካብ ቀደም እናተወራረሰ ዝመጽኣን ካብ'ቲ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ህዝባዊ ኣመለኻኽታ ዝተመዝመዘን እዩ ነይሩ። ህዝቢ ብናይ ምንሻው ቃል ዝጽውዖም እንድሕር ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ጂፕሲ ዝብል መጸውዒ - ኩሉ ናይ ጽልኢ፡ ናይ ምጥርጣርን ንዕቀትን መልእኽቲ እዩ ዝሓዘ። ጽልኢ፡ ቅድሚ ብተግባር ምግሃዱ ብቛንቋ እዩ ዝግለጽ። ኣብ'ቲ ቋንቋ ዘሎ ናይ ጽልኢ ሓሳብ - ኣብ ህዝቢ ይሰርጽ፡ ናብ ወለዶታት ድማ ይሰጋገር።

ስርዓት ናዚ ኣብ ልዕሊ ጂፕሲ ርሸና ቅድሚ ምጅማሩ፡ ምእንቲ ከይፋረዩ ኣብ መዓስከራት እናዳጐኑ ይቖጣቕጥዎም (ይሰልቦም) ምንባሩ ጸብጻባት ይሕብሩ። ዶክተር ሮበርት ሪተር ብዝተባህለ ኣባል ናዚ - "ገበናዊ ስነ-ህይወት" ዝብል ናይ ምርምር ማእከል ተኸፊቱ ነይሩ። እዚ ናይ መርምር ትካል፡ ከሎም ጂፕሲ ገበን ናይ ምፍጻም ዓሌታዊ ባህርይ ከም ዘለዎም ንምርግጋጽ ዝተኸፈተ እዩ ነይሩ። ኣብ መደምደምታ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ድማ፡ ኣብ ጀርመን ካብ ዝርከቡ 90 ሚእታዊት ዓሌት ሮማ - "ዘይጽሩይ ገበናዊ ባህርይ ዘለዎ ደም" ስለ ዝተረኸቦም፡ ብዮጎዲ ክመኸኑ ከም ዘለዎም ዝእምም ሓሳብ ኣቕሪቡ። ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ጀርመን ኣስታት 30 ሽሕ ዓሌት ሮማ ይቕመጡ ነይሮም። ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ግን፡ ተተገሪፎም ምስ ተኣከቡ ናብ መረሸኒ መዓስከራት ከም እተወስዱ ይፍለጥ።

ከም ናዚ ዓይነት ስርዓት ኣብ ካልእ ሃገር ማዕበሉ እንተዘኸተውን ናይ'ቲ ፖለቲካዊ ሓይሊ ክልሰ-ሓሳብ ስለዝኸሎ ኣብ ልዕሊ ውሑዳን ማሕበረሰባት ተመሳሳሊ ምግፋዓት ክኣወጅ ምተኻእለ ነይሩ። ስርዓት ናዚ፡ ንሓያሎ ሃገራት ብውግእ ምስጠቕለለ፡ እቲ ዝኣምነሉ ዓሌታዊ ጸብለልታ ናብ ሓያሎ ሃገራት ሰሪጹ ነይሩ። ንኣብነት፡ ክሮኤሽያ ብሰራዊት ናዚ ምስ ተታሕዘት፡ ኣብታ ሃገር ዝነብሩ 25 ሽሕ ዓሌት ሮማ፡ ሓደ ትንፋስ ከይተረፈ ከም እተቐትሉ ምንጭታት የረድኡ።

ኣብ ካልእ ሃገር ዝነብሩ 'ዶክትሪን ናዚ' ዝተቐበሉ ወገናት እውን፡ ነቶም ዓሌት ኣርያን ወይ 'ጽሩይ' ዝበልዎ ዓሌት ዘይኮኑ ኣብ ምግፋፍን ናብ መረሸኒ መዓስከራት ኣብ ምጥራዝን፡ ብዙሕ ይተሓባበሩ ምንባሮም ዘይክሓድ ሓቂ እዩ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ዓሌታት ዝተገብረ ግፍዕታት፡ ብመንግስታዊ ሓይሊ/ስርዓት ዝተፈጸመ ይኹን'ምበር፡ ዓሌታዊት ባህሊ ህዝቢ ጀርመን ስለዝኾነ ኣይኮነን። ሓደ ወገን ጥራይ ዓሌታዊ ክኸውን እውን ኣይክእልን።



ክርሸት ዝውሰዱ ሮማ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልከታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# ኣገዳስነትን ጥቕምታትን ማይ



ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት

ኣብ ምርባሕን ምስባሕን እንስሳታት ህላወ ዝስተ ማይ መሰረታዊ ጠለብ እዩ። ንምስሳን ጥሪትን ንምኽዕባት ካብኣቶም ዝርከብ ምህርትን ዝስተ ማይ ክዋደድ ግድነት ይኸውን።

ማይ ንጥሪት ኣገዳስን ብኣካላቶም ብብዝሒ ዝድለን እዩ። ካብ ጠቕላላ ክብደት ኣካላት እንስሳ ልዕሊ 85% ብማይ ዝቖመ እዩ። እንስሳታት ማይ ብሰለስተ መገዲ ማለት፡ ብምስታይ፡ ካብ መግቢ (ጥሉል መግቢ፡ ዝተጸምቈ ሓተላታት…)፡ ካብ ውሽጢ ኣካላት ብምሕቓቕ መግቢ (ካብ ብንዝዕታት ተደጊፎም ዝተጣሕኑ መግቢ) ይረኽብዎ። ንጥቕምታትን ኣገዳስነትን ማይ ኣብ ጥሪት ዝምልከት ሓበሬታ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ወኪል ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት ዘዳለዎ ጽሑፍ ቀሪቡ’ሎ።

ማይ ኣብ መስርሕ ውሽጣዊ ኣካላት እንስሳ ይሃልኽ። ብተወሳኺ ብመገዲ ረሃጽ፡ ቀልቀልን ምስትንፋስን ኣቢሉ ካብ ኣካላት ይወጽእ። እንስሳታት ማይ ናይ ምስታይ ባህጎም ወይ ድልየቶም ኣብ ዝተፈላለየ ረቓሒታት ይምርኮስ። ንገለ ካብኦም ንምጥቃስ፦

1. **ዓይነት መግቢ፤** ዝምገብዎ መግቢ ቀጠልያ ሳዕሪን ኣቝጽልትን እንተ ኹይኑ ውሑድ ማይ ይሰትዩ። ድሩቕ ሳዕሪ፡ ሓሰር፡ ቃንጫ …ወዘተ ምስ ዝኸውን ግና ብዝሒ ማይ ምስታይ የድልዮም።

2. **ኣገልግሎት፤** ንኣብነት ናይ ጸባ ከብቲ ብዙሕ ማይ ከድልየን ከሎ ናይ ስጋ ግን ካብ ናተን ዝውሕድ ማይ የድልየን።

3. **ዓይነት ከስዐ እንስሳ፤** ኣርባዕተ ከስዐ ዘለዎም (ከብቲ፡ ኣባጊዕ፡ ኣጣል…) ካብ ሓደ ከስዐ ዘለዎም (ኣእዱግ፡ ኣባቕል…) እንስሳታት ዝያዳ ማይ የድልዮም

4. **ወቕቲ፤** እንስሳታት ኣብ ግዜ ሓጋይ ብዝሒ ማይ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ድማ ውሑድ ማይ ይጠልቡ

### ጥቕምታት ማይ

ማይ ኣብ ኣካላት እንስሳታት እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ይርከቦ፦

- መግቢ ብምውህሃድ ኣብ ኣካላት ከም ዝዝርጋሕ ይገብር
- ምቖትን ዛሕልን ኣካላት ይቈጻጸር
- ቅርጺ ዋህዮ ይሕሉ
- ንመስርሕ ስርዓተ-ምሕቓቕ መግቢ ይሕግዝ
- ደም ኣብ ኣካላት እንስሳ ብግቡእ ንኽዘውር ይሕግዝ
- ርስሓት ካብ ኣካላት እንስሳ ጸሪጉ የውጽእ

ብተወሳኺ ማይ ኪንዮ መዓላ መስተ ረብሓታቱ ኣብ እንስሳታት ብዙሕ እዩ። እንስሳታት ብሰንኪ ርስሓት ኣካላት ኣደዳ ሕማማትን ባልዓትን ከይኰኑ ንጽህና ይሕሉ። ብጉድለት ጽሬት ኣካላቶም ምቹእነት ኣይስምዖምን። እዚ ድማ ኣብ ዕብየቶምን ፍርያቶምን ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ። እንተ ረሲሖም ኣብ ዕዳጋታት መሰጥቲ ኣይኰኑን፡ ከም ሳዕቤኑ ዝህልዎም ስሕበት ዕዳጋ ይጎድል። እንስሳታት ብምሕዱርን ውሑሉልን ኣገባብ እንተ ነጺሆም ጥዕናኦም ይሕሎ፡ ጽሩይ ግዳማዊ ኣካላቶም ብዝፈጥሮ ውቁብ ትርኢት ኣብ ዕዳጋታት ማረኽቲ ይኾኑ፡ መኽሰብ ክርከቦም ድማ ይኽእል።

ብተወሳኺ፡ ማይ ዝተፈላለዩ መግቢ እንስሳታት ኣብ ምቅማም ወይ ኣብ ምድላው ልዑል ረብሓታት ኣለዎ።

ማይ ኣብ ምንባር፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ባእታትት ህይወት እዩ። እቶትን እቶታውነትን ኣብ ምዕባይን ምውሓስን ዝህልዎ ገዚፍ እጃም ብምርዳእ፡ ዝናብ ክረምቲን ባህርያውያን ወሓይዝን ጥራይ ተጸቢኻ ምኻድ ስለዘየተኣማምን፡ ዝኣክል መጠን ከዘንቲ ማይ ክነዋድድን ኣቓዲሞም ዝተሃንጹ ብጽቡቕ ክንሕዝን ክነመሓድርን ኣገዳሲ ይኸውን።

### ዋሕዲ ማይ ኣብ ጥሪት

ዋሕዲ ማይ ምስ ዝፍጠር፡ ጥሪት ውሑድ ማይ ብምሃብ ተሪር ወቕትታት ብሰንከልከል ዝሕለፍ ወላኳ እንተኾኑ፡ ክንረኽቦ ትጽቢት ዝግበረሉ ምህርቲ ስጋን ጸባን ግና ብኣሉታ ይጽሎ። እዚ ሕጽረታት እንተ ዘይተፈዊሱ ድማ ጥሪት ኣቃውማኦምን ብቕዓቶምን ካብ እዋን ናብ እዋን የንቈልቍል፡ ይዓብሩን ይምህምኑን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣገልግሎቶምን እቶቶምን ይጎድል። ስለዚ፡ ጥሪት እኹል ማይ ክረኽቡ መታን ማይ ወይ ምንጪ ማይ ክዋደድ የድሊ።

ጥሪት እኹል ማይ ምስዘይረኽቡ፡ ሽውሃቶም ይዕጾ፡ ዘድሊ መጠን መግቢ ኣይወስዱን፡ በዚ መንጽር ክብደቶም ይቕንስ፡ ተወርሳኣዊ ኩነታቶም ብኣሉታ ይጽሎ። ኣብ ኣካላት እንስሳ ናይ መዛርዕ/መሽከል ከምኡ’ውን ኣብ ዕዮ ውሽጣዊ ኣካልን ዘይድለ ለውጢ የጋጥም። ብሓፈሻ ኣብ መስርሕ ስነ-ኣካልን ስነ-ተግባርን (Anatomy and Physiology) ዘይንቡር ክስተታት ክኸትል ይኽእል።

### ምምዕባል ከዘንቲ ወይ ዓይኒ ማያት ኣብ ቦታ መጋሃጪ

ቀረብ ጸጋ ማይ፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ረቛሒታት ንምምዕባልን ምስፋሕን ምርባሕ ጥሪት እዩ። ክስራሕ ከሎ ብዝተመጣጠነ ኣገባብ ክህነጽ ይግባእ። ዘይምዕሩይ ዝርግሐን፡ ኣብ ውሱን ናይ መጋሃጪ ቦታ ጥራይ ዓይኒ ማይ ምህናጽ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ብሰንኪ ኣብ ውሱን ቦታ ማይ ንምስታይ ዝዘውተር ጻዕቂ ጥሪት ብዘስዓቦ ልዕለ-ግህጸትን፡ ኣራግጽ ምንቅስቓስ ናይ ጥሪት ዝፈጠሮ ምብዳም ባህርያዊ ሃብቲ (ሳዕሪ፡ ኣግራብን ቀጥቋጥን) ክኸትል ስለ ዝኽእል ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ከይበዝሕ መታን፡ ኣብ ኩሎም ከባቢታት ክባጻሕ ምዕሩይ ዝርግሐ ህንጸት ከዘንቲ ማይ ክህሉ ተመራጺ ይኸውን።

ኣብ ምዕባለ መጋሃጪ ኣገደስቲ ኣገባባት ምምዕባል ምንጪ ዓይኒ ማያት፦

1. ምህናጽ ንጥሪት ዝዓለመ ዓይኒ ማያት (ከዘንቲ ማያት) (Livestock Watering Point Development)፡ ዓይኒ ማያት ወይ ከዘንቲ ማያት ዲጋ፡ ራህያ፡ ሓጽቢ፡ድሪል፡ ዒላ፡ ሻኻ፡ ፈልፈልቲ ማያት ክኾኑ ይኽእሉ።

2. ምጥቃምን ምእላይን ንኣሽቱ ዋሓይዝ ኣብ ምምዕባል ቦታታት መጋሃጪ (Small Stream Diversion)፡ ቦታ መጋሃጪ እኹል ሳዕርን እግራብን ከብቀልን ብጽቡቕ ክለምዕን ይኽእል። ጥሪት ዝኣክል መግቢ ንክረኽባ ይሕግዝን።

ኣብ ጊዜ ሓጋይ መብዛሕትኦም ዓይነት ሳዕሪ ቦታ መጋሃጪ ይደርቑ፡ ሳዕሪ ዝምገባ ገሃጽቲ ዝኾኑ ጥሪት (ከብትን ኣባጊዕን) ድማ ብዙሕ ማይ ይደልያ። ብኣንጻሩ ድማ ኣግራብን ቀጥቋጥን ዝጠጥማ (ኣጣልን ኣግማልን) እኹል ጠሊ ካብቲ ዝበልዓኦ ስለ ዝረኽባ ውሑድ ማይ ይጠልባ።

ጥሪት ካብ ዝግብኦን መዓልታዊ ጠለብ ንላዕሊ፡ ማይ ብድፍኢት ክነስትየን ኣድላዩ ኣይኮነን። ብሓፈሻ ጥሪት ብተፈጥሮ ዝኣክል ማይ ባዕሎም መጢኖም ዝሰትዩ እንተኾኑ ጨው ወይ ካልእ ተሓወስቲ ባእታታት ጸንቢርና መጠኑ ዝሓለፈ፡ ልዕሊ ዓቐን ማይ ክነስትዮም ኣይግባእን። ልዕሊ ዓቐን ማይ፡ ግቡእ መስርሕ ምሕቓቕ መግቢ የጎናድብ፡ ጸገም ምንቅስቓስ የስዕብ፡ ኣሉታዊ ጥዕናዊ ጽልዋ የኸትል። ስለዚ ከምቲ ‘ፈረስ ሩባ ተውርዶ እምበር፡ ገዲድካ ማይ ኣይተስትዮን’ ዝብል ኣባሃህላ፡ ጥሪት ብባህሪኦም ዝኣኽሎም ማይ ክሰትዩ ናጻ ክንገድፎም ኣድላዩ እዩ።

### ጠለብን ሃልክን ማይ

ጠለብ ማይ ጥሪት ብወቕቲ ይውሰን። ጥሪት ኣብ ጊዜ ሓጋይ ብምኽንያት ምቖትን፡ ምምጋብ ድሩቕ ሳዕርን ብዙሕ ማይ ይሰትዩ። ኣብ ጊዜ ክራማት ድማ ውሑድ ማይ ይሰትዩ። ኣብ ገለ ገለ እዋን ሕጽረት ዝስተ ማይ ከባቢና ኣብ ግምት ብምእታው ጥሪትና ናይ ግድን መዓልታዊ ማይ ምስታይ ስለ ዘየዋጽእ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሳልስቲ ይሰትዩ። ሓረስቶት ጽምኦን ስትዮን መዓልታት ብምባል ይጠቕስዎ። ዝውታረ ጽምኦን ስትዮን ኣብ እንስሳታት፡ ኣብ ግዜ ሕጽረት ማይ ጥራይ ዝዝውተር ኣይኮነን። ኣብ ዝሑል ወቕቲ ጥሉል ቀጠልያ መግቢ ዝበዝሓሉን ኣብ ጥሪት ብፍላይ ኣብ ኣጣል ዝተለምደ እዩ። እዚ ልምድ’ዚ ከኣ ምስ ምሕቓቕን ምውህሃድን መግቢ ኣብ ኣካላት እንስሳ ዝተሓሓዝ እዩ። ጥሪት ማይ ሰትዮም ክምገቡን፡ መግቢ በሊዖም ማይ ክሰትዩን ዘሎ ፍልልያት ዓቢ እዩ። ምኽንያቱ ማይ ሰትዮም ቀጠልያ መግቢ ክበልዑ ኣይሸገሩን፡ ቀጠልያ መግቢ በሊዖም ግና ውሑድ ማይ ይሰትዩ። ስለዚ ኣብ ስትዮ ማይ፡ ቅድሚ መግብን ድሕሪ መግብን ለውጥታት ኣሎዎ። ኣብ ከም’ዚ ዓይነት ተርእዮታት ጠለብ ማይን መግብን ዘሳንን ዘመዓራርን ምሕደራ ምኽታል የድሊ። ብተወሳኺ ጠለብ ማይ እንስሳታት፡ ብምቕልጣፍን ምድንጓይን ምስታይ ማይ ከምኡ’ውን ነዊሕ ምንቅስቓስን ሃልክን ጥሪት ይጽሎ።

### መዓልታዊ ጠለብ ማይ ጥሪት

ጠለብ ማይ ጥሪት ብወቕቲ፡ ክሊማ፡ ዕድመ፡ ጾታ፡ ኣመጋግባ፡ ኣገልግሎት ወዘተ ይጽሎ። ነዚ ኩሉ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ንቡር ኩነታት፡ ዓይነት ጥሪት ምስ ክብደት ኣካላት ብምዝማድ ጠለብ ዝስተ ማይ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፦

- 30 ኪሎ ግራም (ኪ.ሎ) እትምዝን ጤል ሓሙሽተ ሊትሮ፡
- 35 ኪ.ግ እትምዝን በጊዕ ሓሙሽተ ሊትሮ፡
- 350 ኪ.ግ እትምዝን ላም 25 ሊትሮ፡
- 500 ኪ.ግ እትምዝን ገመል 30 ሊትሮ ይጠልባ።

ሃገርና ኣብ ዞባ ሳሕለ-ሳሃራ ስለ እትርከብ፡ ዘበዝሕ እዋን ሓረስቶት ወይ ሰብ ጥሪት ብክሊማ ለውጢ ዘምጽኦ ጽልዋ፡ ኣብ ጊዜ ክራማት ብወሓይዝ፡ ፍግረ መሬትን ሰልምን ብኽቢድ ይህሰዩ። ኣብ ጊዜ ሓጋይ ድማ ብሰንኪ ዘይምዕሩይ ዝርግሐ ዝናብ ዝፈጠሮ ጸገም፡ ብዋሕዲ ማይ ዝሽገሩሉ እዋናት ኣሎ። ነዚ ንምፍታሕ እምበኣር፡ ሓርስቶት ቀዋሚ ምንጪ ማይ ንምውሓስ ክጽዕሩ ይግባእ።

***



### ዳይና

ቀደም፡ እቲ ድኾዒ፡ ቈጽሊ ነይሩ
እቲ እንስሳ ድማ ሳላ ቈጽሊ ሰሪሩ
ሰብ’ዩ ኸኣ ነዚ ናይ ህይወቶም ጉዕዞ
ኣብ ማእኸሎም ኰይኑ ዝእዝዞ
ግን!

ወዮ’ዚ ሰብ፡ እዚ ‘ዳይና ብርቱዑ’
ስርሑ እንተ ረሲዑ
ገበነኛ’ዩ ስሙ!
ኣብ ማህሰይቲ’ዞም ክልተ፡ ዝሃበ እጃሙ
እጃም፡ እጃሙ
ፍትሖም ከውጽእ እንተዘይከኣለ
ባዕሉ ዓመጸኛ ኹይኑ፡ ንርእሱ’ዩ
ዝቐተለ
እምበኣር ሰብ፡ ይፍለጥ ክብሪ ዳንነቱ
ማእኸሉ ኣይሕደግ፡ ምእንቲ ህይወቱ
እወ’ዚ ምእኸላ
እንስሳ፡ ቈጽሊ፡ ሰብ ኣይበተኽ
ሞት፡ ከም ታቦት
ብኹላቶም መታን ከይምለኽ

ሰመረ ፍስሃየ

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኵሉ!


ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ኖይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ. 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ኻንስዶ ጊላ



ኣማኻሪ፤ ሄለው፡ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም። መን ክብል? ካበይ ትድውሉ ኣለኹም?

ደዋሊት፤ በይሉል እብሃል። ካብ ከተማ ከረን'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ በይሉል፣ ናብ መደወሊኺ ምኽንያትዶ ክንኣቱ?

ደዋሊት፤ መሓዛይ ገለ ጉዳይ ስለ ዝነበራ፡ ናብ ሓደ ቤት ጽሕፈት ይኽደልካ። እቲ ኣብኡ ዝተዓዘብኩዎን ዝሰማዕክዎን ኣገባብ ቀኑብ ስለ ዝተሰምዓኒ'የ ገለ መብርሂ ክሓትት ደልየ። ምናልባሽ እቲ ዝተዓዘብኩዎ ኣገባብ ኣቀባብላን ኣዘራርባን ኣብዛ ቤት ጽሕፈት ጥራይ ዝረኣኽዎ ዋላ'ኳ እንተ ኾነ፡ ሓበሬታ ንኽሉ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ኣብኡ ጥራይ ከይተደረትና እንተ ተላዚብና ደስ ምበለኒ።

ኣማኻሪ፤ ጸገም የብሉን፣ እንታይ ዲኺ ተዓዚብኪ?

ደዋሊት፤ ኣነ ዝተዓዘብክዎ'ኳ ኣብቲ ዝነበርኩዎ ቦታ ከጋጥም ነይርዎ ድዩ ኣይነበሮን እንድዒ። እቲ ኣብኡ ዝጸንሓና ሰብ ኣብ ልዕሊ ኣገልግሎት ደልያ ዝመጽኣት መሓዛይ ፍጹም ክብርን ድንጋጸን ኣየርኣየን። ብተደጋጋሚ "ውጽለይ ናብዚ ገጽኪ ከይትምለሲ" እናበለ'ዩ ከሳጉጓ ዝፍትን ነይሩ። ከምኡ ድዩ ክኸውን ዘለዎ?

ኣማኻሪ፤ ከምኡ ድዩ ክኸውን ዘለዎ ቅድሚ ምምላስና፡ መሓዛኺ እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ድያ ሓቲታ?

ደዋሊት፤ ኣብ ዝርዝር ናይቲ ጉዳይ ክኣቱ ዋላ'ኳ እንተ ዘይደለኹ፡ ከም ርድኢተይ ግን፡ እቲ መሓዛይ እትሓቶ ዝነበረት ኣገልግሎት ካብቲ ዝኸድናዮ ቦታ'ዩ ዝርከብ ነይሩ። ሕጂ ክንዛረበሉ ደልየ ዘለኹ ግን፣ ሓፈሻዊ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህብ ቦታ ዝጸንሑ ሰባት ኣብ ልዕሊ ተገልገልቶም ክጥቀምሉ ዝግባእ ኣገባብ ኣቀባብላን ኣዘራርባን ከመይ ክመስል ከም ዘለዎ እዩ። ተሃዊኽኪ ከይትብለኒ'ምበር፡ ኣብ ኮለጅ ሓልሓለ እናተመሃርኩ እንከለኹ፡ መምህርና፤ "ተቐባሊ ዓሚል ዝኾነ ሰራሕተኛ ትካል ንበሎ ሰራሕተኛ መንግስቲ፡ ኣገልጋሊ ምዃኑ ክዝክር ኣለዎ፡" ኢሉ ክገልጸልና ይዝከረኒ ኣሎ። እዚ ዝኸድናዮ ንበሎ ካልኦት ኣብያተ ጽሕፈት ከምኡ ኣይኮነን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህባ ኣብያተ ጽሕፈት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምክትታል'ቲ ተደኩነናሉ ዘለዋ ቦታን ምምሕዳርን ዝእለያ'የን። ኣብኣን ዘለዉ ካብ ዝትሓተ ክሳብ ዝለዓለ ንጥፈታት ዘካይዱ ሰባት ከኣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ'ዮም። እዘን ትካላት ከኣ ንህዝቢ ኣገልግሎት ምሃብ እዩ ስርሐን። ህዝባዊ ኣገልግሎት ግን ካብ ናይ መንግስቲ ኣብያተ ጽሕፈት ጥራይ ከም ዘይርከብ ይርድኣኪ ይኸውን። ግላዊ ኣብያተ ጽሕፈትን ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህባ ናይ ውልቂ ትካላትን ከም ዘለዋ'ውን ትዝንግዕዮ ኣይመስለንን። እዚ ምስቲ ኣብ ኮለጅ ሓልሓለ ተማሂረዮ እትብልዮ ዘለኺ ይጠዓዓም እዩዶ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ጽቡቕ ኣለኻ። ኣገልግሎት ካብ ናይ መንግስቲ ትካላት ጥራይ ከም ዘይርከብ ይርድኣኒ'ዩ። ህዝባውያን ትካላት ንህዝቢ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ክህባ ኢለን'የን ዝምስረታ። እዚ ዝኸድናዮ'ውን ህዝባዊ ኣገልግሎት ብምሃብ ዘገልግል ኮይኑ ይስምዓኒ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኺ በይሉል። ዝኾነ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህብ ትካል ብፍላይ ከኣ መንግስታዊ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ሰላም ምርግጋእን ንምፍጣር ዝዓለመ ኮይኑ፡ ንዝዓመጹ ዓገብ ብምባልን ብምቕጻዕን ኣብ መንጎ ሰባት ዝፍጠሩ ዘይምርድዳእ መዕለቢ ከም ዝረኽቡ ብምግባር፣ ብዓመጽ ዝተወሰደ ንብረት ይኹን መሰል ብምምላስ፣ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ዝድለ መሰልን ግዴታን ብምስግጋር፣ ንህዝቢ ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ዘድልይዎ ሃለኽትን ዘይሃለኽትን ኣገልግሎታት ዝህቡ፡ ብሓፈሻ ህዝባዊ ኣገልግሎት ብምሃብ ዘሰርሕ ህዝባዊ ትካል'ዩ። እቲ ሓጺር መግለጺ እዚ እንተ ኾይኑ ከኣ፡ ንሚኒስትሪታት፡ ኮምሽናትን ብዓል መዚታትን ካብ መንግስታዊ ትካላት ክኾና እንከለዋ፣ ካብተን ዝተሓታ ተራ ድኳናት ጀሚርካ፡ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ዝህባ ውልቃውያን ኣብያተ ጽሕፈታትን ትካላትን ከኣ ከም ናይ ግሊ ክንጠቕሰን ንኽእል ኢና። ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝህብ መንግስታዊ ትካል ክብሃል ዝክኣል'ዩ።

ደዋሊት፤ እሞ እዞም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰላ ህዝባዊ ትካላት ዝሰርሑ ሰባት እንታይ ዓይነት ስነ-ምግባር ክህልዎም ኣለዎ?

ኣማኻሪ፤ ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና፡ ግርምቢጥ ሓይሊ (ታይራኒ ኦፍ ፓወር) ዝብል ኣምር'ዩ። ንሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣገልግሎት ክህብ ህዝባዊ ስልጣን ዝሓዘ ውልቀ-ሰብ፡ ኣብ ነቲ ዝተዋህቦ ስልጣን ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ መንበር ተኾይጡ ዘሎ ድዩ ትካል ከፊቱ ዘሎ፡ ነቲ ኣገልግሎት ደልዩ ዝመጽኦ ዘሎ ህዝቢ እንታይ እዩ? መን ንመን'ዩ ክእዘዝ ዘለዎ? ንዝብሉ ሕቶታት ዝምልስ ኣምር'ዩ። ብሓፈሻዊ ኣረዳድኣ ምስ እንኸዶ፡ እቲ ተገልጋሊ ህዝቢ ካብ ኮነ፡ እቲ ቦታን ስራሕን ከኣ ህዝባዊ ቦታ ካብ ኮነ፡ እቲ ተገልጋሊ ኣብ ቦትኡ'ዩ መጺኡ ክብሃል ዝክኣል'ዩ። ሰባት ናብ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ዝህባ ኣብያተ ጽሕፈት ንበሎም ትካላት መንግስቲ ክምደቡ እንከለዉ፡ ብምርጫን ባርኾት ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ንሓደ 'የገልግለና'ዩ፡' ዝበልዎ ሰብ፡ ኣብ ከገልግለሉ ዝኽእል ቦታ ከምጽእ ወሳኒ ተራ ኣለዎም። እዚ ዘረድኣና እንተ ሃልዩ ኸኣ ህዝቢ ተገልጋሊ ኮይኑ ግን ንጉስ እዩ። እቲ ኣገልግሎት ዝህብ ዘሎ ኸኣ ኣገልጋሊ ወይ ጊላ ናይ ህዝቢ ምዃኑ እዩ። ስለዝኾነ፡ ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ዘለዉ ሰባት ኣገልግሎት ደልዩ ንዝመጽኦም ህዝቢ ብትሕትናን ምቕሉልነትን ተቐቢሎም፡ ጉዳዩ ሰሚዖም ዝግብኦ መልስን ሓበሬታን ኣገልግሎትን ክህብዎ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ዓይነት ኣገባብ ኣገልግሎት ከኣ ሕጂ ዝመጽአ ፍልስፍና ኣይኮነን። ኣብ ባህሊ ሕብረተሰብና ምቕሉልነት፡ ትሕትናን ንኻልኦት ምኽባርን ዝብሉ ኣካል ስነ-ምግባር ኮይኖም ዝቕጽሉ ዘለዉ ኣብ ርእሲ ምዃኖም ከም ልቦና ተቘጺሮም እውን ብሕብረተሰብ ኤርትራ ተቐባልነትን ኣኽብሮትን ይወሃቦም እዩ። ከምዚ ዓይነት ስነ-ምግባር ዘለዎ ሰብ ከኣ ብተገልገልቲ ኣድናቖትን ኣኽብሮትን'ዩ ዝረክብ። ካብዚ ፍልይ ብዝበለ ክንርድኦ ዘለና ግን፡ ተገልጋሊ ንጉስ'ዩ ስለ ዝበልናዮ ከም ዝሓሰቦን ዝደለዮን ብዘይም ዝኾነ ቀይዲ ዝደለዮ ሓቲቱ ዝደለዮ ረኺቡን ሰሪሑን ይኺይድ'ዩ ማለት ኣይኮነን። እቲ ወሃቢ ኣገልግሎት ክምስረት እንከሎ፡ ንተገልጋልን ኣገልጋልን ዘመሓድሩ መርሓ ጉደና ብምውጻእ፡ መመስርያም ቀይሶም ደረታቶም ኣነጺሮም ዝገዝኡ ሕግታትን ሕጋጋትን ይወጽኡ'ዮም። እዞም እንብሎም ዘለና ከኣ ብህዝቢ ወይ ህዝቢ ብዝመረጾም ክኢላታት'ዮም ዝዳለዉ። ዘይሩ-ዘይሩ ድማ ናይ ህዝቢ'ዮም። እዞም መምርሒታት ንበሎም ሕግታት ከኣ ከከም ቦትኡ ዝተፈላለየ ኣሰማት ዝህልዎም ኮይኑ፡ ብሓፈሽኡ ግን ስነ-ምግባር ስራሕ ኢልና ክንጠቕሶም ንኽእል ኢና። ነፍሲወከፍ ወሃቢ ኣገልግሎት ትካል ናይ ስራሕ ስነ-ምግባር ክህሉዎ ግድን እዩ። ብዘይካ'ዚ መግለጺ ስራሕ ክህልዎ ይግባእ። እዚ ማለት ከኣ ሓደ ሰራሕተኛ እንታይ ስልጣናትን ግዴታታትን ኣለዎ ዘረድእ እዩ። ብሓፈሻ ክገብሮ ዝግብኦን ክገብሮ ዘይግብኦን ብንጹር ዘፍልጥ ኮይኑ፡ ልጓም ሰራሕተኛ ተባሂሉ'ውን ክምሰል ይኽእል'ዩ። እዚ ክትርጉም እንከሎ፡ እቲ ህዝቢ ነቶም ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ዘንብሮም ሰባት ብናትኩም ሕግን መምርሕን ኣገልግሉና ኢሉ ኣይኮነን ዘሰዶም። ብኣንጻሩ፡ በዚ ንሕና እንህበኩም ንዓናን ንዓኹምን ዘማእዝንና ሕጊ ኣገልግሉና ብማለት እዩ ዘንብሮም። እቲ ተገልጋሊ ካብ መስመሩ ወጺኡ ምስ ዝኸይድ ኣገልጋሊ ዓገብ ካብ ምባል ጀሚሩ፡ ክሳብ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈላለየ ናይ ሕጊ ስጉምቲ ክወስደሉ ይኽእል እዩ። ብኣንጻሩ ከኣ፡ እቲ ኣገልጋሊ ካብቲ ዝተዋህቦ ሕግን መምርሒ ኣንሸራቲቱ ንህዝቢ ግቡእ ኣገልግሎት ምስ ዘነፍግ፡ ካብቲ ሒዝዎ ዘሎ ቦታን መዝነትን ካብ ምእላይ ጀሚርካ፡ ካልኦት ሕጋውያን ስጉምትታትን ክውሰደሉ ይክኣል እዩ። እዚ እዩ ኸኣ ንጉስን ጊላን ኢልና እንገልጾ።

ደዋሊት፤ ንጉስን ጊላን ክንብል እንከለና፡ ብኸመይ ኢና እንገልጾዶ ከተነጽረለይ?

ኣማኻሪ፤ ኣቐዲመ'ኳ ዝገለጽክዎ ይመስለኒ። ዝያዳ ንምንጻሩ እንተ ተደልዩ ግን እቲ ንጉስ እንብሎ ዘለና ህዝቢ፡ ሕጊ ብምውጻእ፡ ኣብ ሓደ ወሃቢ ኣገልግሎት ክህሉ ዘለዎ ሰብ መንን እንታይ ዓይነት ክእለት ዘለዎን ምዃኑ ብምውሳን፡ ብኸመይን ንኽንደይ ግዜን ከይተረፈ ብምድራት፡ ኣብ መንጎኦም ዝህሉ ሚዛን ዝትሕዙ ዝምድናታት ብምንጻር ህያው ዝኾነ ኣካል ስለ ዝፈጥር ንጉስ ንብሎ ኣለና። እቲ ብህዝቢ መጺኡ ህዝቢ ብዝሃቦ ሕጊ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝህብ ከኣ ከም ጊላ ክምሰል ዝክኣል እዩ። እዞም ክልተ ኣካላት ከኣ ነናቶም መሰላትን ግዴታታትን ኣለዎም። መሰሎም ክግሃስ ዝግባእ ኣይኮነን። ግዴታታቶም ከኣ ንመሰል ናይቲ መማዓድውቶም ዝኾነ ሰብ ማለት፡ ኣገልጋሊ ናይ ተገልጋሊ ብኣንጻሩ ተገልጋሊ ኸኣ ናይ ኣገልጋሊ መሰል ምሕላው እዩ። ብኸምዚ ኸኣ እዮም ተመላሊኦምን ተሓላልዮምን ሚዛን ሒዞም ክኸዱ ዝግባእ።

ደዋሊት፤ እዚ ኣብ ዝኸድናዮ ቤት ጽሕፈት ዝረኸብና ሰብ ኣገልጋሊ ናይታ መሓዛይ'ዩ ማለት ድዩ? ከምኡ እንተ ኾይኑኸ ስለምንታይ ኣገልግሎት ዘይሃባ ትብል?

ኣማኻሪ፤ እዚ'ኳ ኣብ ዘይረኣኽዎን ዘይሰማዕክዎን ኣትየ፡ እንታይ ተበሃሂሎም ከይፈለጥኩ፡ ቅድሚ እዚ ንስኺ ዝኸድክሉ ግዜ እንታይ ተበሃሂሎም ነይሮም ከየለለኹ፡ ምዝራብ ስለ ዘኸውን፡ ከየጋግየኪ። ኣብዚ ክትርድእዮ ዝደልዮ እንተ ሃልዩ ግን እዚ ረኺብዮ እትብልዮ ዘለኺ ሰብ'ውን ኣገልጋሊ መሓዛኽን ንዕኣ ዝመስሉ ህዝብን ምዃኑ ስለ ዘይተርፍ፡ ግቡእ ኣገልግሎት፡ ጽን ኢልካ ካብ ምስማዕ ጀሚሩ፡ ክሳብ እቲ ዘይከውን ሕቶ'ውን ብእወታዊ ኣዘራርባ ኣረዲኡ ሕቶኣ ክነጽጎ ይግባእ።

ደዋሊት፤ ኣዝየ እየ ዘመስግነካ። የቐንየለይ። ካልእ ግዜ ብኻልእ ሓሳባት ክንራኸብ ተስፋ እናገበርኩ፡ ክሳብ ሽዑ ግን ኣገልግሎትኩም ይሰፋሕ እብለኩም።

ኣማኻሪ፤ ኣነ'ውን ብስም ኣባላትን ተገልገልትን መደብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ሃማመተኤ ብልቢ ከመስግነኪ እፈቱ። ብሩኽ መዓልቲ!

ደዋሊት፤ ብሩኽ መዓልቲ! ቻው!

***



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## መኣዲ ኣቦሓጎይ

## ንልቦና

ሓደ እዋን ሓደ ዕድመ ዝደፍኡ ሸማግለ ምስ ብዓል ሓዳር ወዶም፡ ሰይቲ ወዶምን ወዲ ወዶምን ይነብሩ ነበሩ። እቶም ሸማግለ ኣእዳዎም የንፈጥፍጣ፡ ኣዒንቶም ኣብዩዎም ጠምበርበር ኢሎም፡ ኣእጋሮም'ውን ተሰኒፈን ደምበርበር ኢሎም እዮም።

እዞም ስድራ-ቤት ኣብ መኣዲ ብሓባር'ዮም ዝምገቡ። እንተ'ኾነ ግን፡ እዛም ስድራ ኣብ እዋን ድራር፡ ናይዞም ሸማግለ ሰብኣይ ምንፍጥፋጥ ኣእዳውን ኣብ ኢዶም መግቢ ክወድቕ ምርኣይን ኣዝዩ ኣጽልኦም። እቶም ሸማግለ ዝሓዝዎ መግቢ ካብ ማንካኦም ከይተፈለጦም ኣብ ጣውልኦም ይወድቕ። ኣጸጊዐ ሓዚያ ኣለኹ ኢሎም ዝዓተሩዋ ብኬሪ ጸባ ካብ ኢዶም ሞሊቓ ኣብ ምንጻፍ ጣውላ ትድፋእ።


ወዶምን ሰይቲ ወዶምን በዚ ዝተፈጥረ ወዘልዘል ናይዞም ኣቦሓጎ ኣዝዮም ተቖጥዑ። እቲ ወዶም፡

"ናይ ኣቦይ ጉዳይ ገለ ነገር ክንገብር ኣለና" በለ። "ጸባ ኣብ ጣውላ እናኸዓወ፡ ቆምጣዕጣ ኢሉ እናበልዐን መግቢ ኣብ ባይታ እናኣውደቐን ዝኣክል ተጸሚመ እየ" ክኣ ወሰኸ።

ስለ'ዚ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ነዞም ሸማግለ ሰብኣይ ኣብ ሓደ ኵርናዕ ናይታ ክፍሊ ናይ በይኖም መኣዲ ፈለይሎም። ብድሕሪ'ዚ እቶም ሰብኣይን ሰበይትን ምስ ወዶም ብሓደ ተሓጒሶም እናተደረሩ፣ እቶም ሸማግለ ግን፡ ብጽምዋ ተዋሒጦም ንበይኖም ክምገቡ ጀመሩ።

እዞም ኣቦሓጎ ደጋጊሞም ብያቲ ናብ ምድሪ ብምውዳቕ ስለ ዝሰበሩ ከኣ፡ ብዕንጨይቲ ኣብ ዝተሰርሐ ሒላብ መግቦም ይቐረበሎም ነበረ። እዞም ሰብኣይን ሰበይትን ናብቶም ሸማግለ ገጾም ቁሊሕ ክብሉ ከለዉ፣ እቶም ኣቦሓጎ ከኣ በይኖም ብምፍላዮም ብሚሒር ጓሂ ካብ ኣዒንቶም ሳሕቲ ንብዓት ጸረር የብሉ ነበሩ። እዚ ከይኣክል እዞም ኣቦ ማንካ ምስ ዝወድቖም ወይ መግቢ ምስ ዝግልበጦም እተን ቃላት ናይዞም መጻምድቲ ዘየዳግማ በላሕቲ መግናሕቲ ጥራይ እየን። እዚ ኩሉ ፍጻሜታት እቲ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ቈልዓ ውላዶም ብጽሞና ይዕዘብ ነበረ።

ሓደ ምሸት ቅድሚ ድራር፡ ኣቦ ንወዶ ብእርይራይ ዕንጨይቲ ኣብቲ ምድሪ-ቤት ክጻወት ብኣንኩሮ ተዓዘቦ። ብህዱእ ኣዘራርባ፡



"እንታይ ደኣ ትገብር ዘ'ወደይ?" በሎ።

ወዱ፡ ከኣ ቃና ከይለወጠ፡ "ኦ እዚኣ፡ ኣነ ምስ ዓበኹ ንስኻን ኣደይን ከኣ ምስ ኣረግኩም፡ እትበልዕላ ሒላብ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ፡" መለሰ እቲ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ቈልዓ ፍሽኽ እናበለ።

ናብ ስርሑ ከኣ ተመልሰ።

ሰብኣይን ሰበይትን፡ በተን ናይቲ ቈልዓ ቃላት ብጽፍዒት ከም ዝተላደደ ሰብ ብዘይ ዘረባ ተዓኒዶም ተረፉ። ብድሕሪ'ዚ፡ ንብዓት ብማዓንጉርቶም ክዛረ ጀመረ። ቃል ደኣ ኣየተንፍሱ እምበር፡ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ግን ፈለጡ።

ኣብ'ታ ምሸት እቲኣ፡ እቲ ሰብኣይ ነቲ ሸማግለ ኣቦሓጎ ብኢዱ ሒዙ ብጥንቃቐን ብኽብርን ናብታ ናይ ሓባር ናይ ስድራ-ቤት መኣዲ መለሶም።

እቶም ኣቦሓጎ፡ ነተን ዝተረፋ መዓልታት ዕድሚኦም ሓቢሮም ምስ ስድራ ቤት ወዶም እናተመገቡ ኣሕለፍወን። ብድሕሪ'ዚ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ብዘኾነ ምኽንያት ፋርኬታ ይውድቕ፡ ጸባ ይደፋእ ዋላ'ውን ምንጻፍ ጣውላ ኣብ ሓመድ ይገምጠል ዝግደስ ዋላ ሓደ ኮይኑ ኣይነበረን።

ካብዚ እንታይ ንመሃር፣ ንደቅና ካብ ብቓል ብግብሪ ኣርኣያ ንኹኖም። ተወሳኺ፡ ቈልዑ ንዓበይቲ ክልውጡ ከምጸ'ኽእሉ እዩ።

**ትርጉም፡ መም ተኽላይ ኣበዶም**

## ፌስቲቫል ኤርትራ ብዓይኒ ቈልዑ

ዝተፈተኹም ተማሃሮ፡ እዚ ዘለናዮ ቅንያት ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ዝካየደሉ ቅንያት እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብምኻድ ሃዋህው ፌስቲቫል ተዓዚብና ምስ ቈልዑ ዝገበርናዮ ዕላል ይቐጽል። ሰናይ ቅንያት ፌስቲቫል፡ ሰናይ ክራማት!

* * *

**ምስ ጉዝእ ኑብስኺ ከተላልይና?**

ስመይ መገን ፊሊሞን እበሃል።

**ካበይ መጺእኪ?**

ካብ ዓዲ እንግሊዝ መጺአ።

**ናብ ኤክስፖ እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም?**

ክንዛወር። ክንዘናጋዕ። ከምኡ'ውን ኣብ ኤክስፖ ዘሎ ክንርኢ፣ ንሃገረይ ኤርትራ ክፈልጣ መጺአ።

**ኣብ ኤክስፖ እንታይ ርኢኺ?**

ኣብ ኤክስፖ፣ መጽሓፍቲ፣ ጉብዩ፣ ህበይ፣ ደረፍቲ፣ ኩዳውንቲ፣ መጻወቲ ርእየ። ብሄራት ኤርትራ ርእየ።

**ካልእ ኣብ ኤክስፖ እንታይ ገይርኩም?**

ምስ ማማ ባቡር ተሰቒለ። መጽሓፍቲ ገዚእና።



ሰለል ተጻዊተ። ናይ ኤርትራ ሃገርና መግቢ በሊዐ። ኣብ ጓይላ ድማ ሳዕሲዐ።

**ናብ ኤክስፖ ንዘይመጽኡ ቈልዑ እንታይ ትብልዮም?**

ኣብ ኤክስፖ ብዙሕ ነገር ይሓልፈኩም ስለ ዘሎ ናብ ኤክስፖ ምጽኡ። ብሄራት ኤርትራ መጺእኩም ርኣዩ። ባቡር ድማ ተሰቐሉ እብሎም።

**ትግርኛ ጽቡቕ ትኽእሊ ብኸመይ ክኢልክዮ?**

ናብ ኤርትራ ክልተ ግዜ መጺአ። ሽዑ ምስ ብዙሓት ኣዕሊለ። ኣደይ ድማ ትግርኛ ከመይ ከምዝዛረብ ትምህረኒ እያ።

****

**ምስ ጉዝእ ኑብስኻ ከተላልየና?**

ስመይ ማሲያስ ዮናስ እበሃል። ካብ ኣስመራ መጺአ።

**ምስ መን መጺእካ?**



ምስ ኣቦይ ኣደይን ኣሕዋተይን መጺአ።

**ናብ ፌስቲቫል እንታይ ክትገብር መጺእካ?**

ክንዘናጋዕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤክስፖ ዘሎ ኩሉ ክንርኢ መጺእና።

**ኣብ ኤክስፖ እንታይ ርኢኻ?**

ንብረት መሐንበሲ ዝኾውን፡ ዓካት፡ ጋባ ካልእ ድማ ናይ ዞባታት ኩሉ ርእየዮ።

**ካልእ ኣብ ኤክስፖ እንታይ ገይርኩም?**

ሳዕሲዕና። ሸተት ኢልና። ኣብ መኪና ተጻዊትና። ኮካ ሰቲና በቃ ኩሉ ገይርና። ተሓጒሰ ኣለኹ።

**ናብ ኤክስፖ ንዘይመጽኡ ቈልዑ እንታይ ትብሎም?**

ኣብዚ ኤክስፖ ብዙሕ ትምህርቲ ይሓልፎም ስለዘሎ ቀልጢፎም ክመጽኡ ከየግሮም እደሊ።

****

**ምስ ጉዝእ ኑብስኺ ከተላልይና?**

ስመይ መኽሰብ ረዳእ እበሃል። ካብ ሰምበል መጺአ።

**ምስ መን መጺእኪ?**

ምስ ዓባይ ጓል ሓትነይ መጺአ።

**ናብ ኤክስፖ እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም?**

ክንዛወር። ክንዘናጋዕ። ከምኡ'ውን ኣብዚ ዘሎ ክንርኢ።

**ኣብ ኤክስፖ እንታይ ርኢኺ?**



ኣብ ኤክስፖ፣ መጽሓፍቲ፣ ጉብዩ፣ ህበይ፣ ኩዳውንቲ፣ ባቡር፣ መጻወቲ ርእየ።

**ካልእ ኣብ ኤክስፖ እንታይ ገይርኩም?**

ጀላተ በሊዐ። ባቡር ተሰቒለ። ሰለል ተጻዊተ። ብሄራት ኤርትራ ድማ ፈሊጥና።

**ናብ ኤክስፖ ንዘይመጽኡ ቈልዑ እንታይ ትብልዮም?**

ኣብ ኤክስፖ መጺእኩም ተጻወቱ፣ ተዘናግዑ፣ ተማሃሩ እብሎም።

***

**ምስ ጉዝእ ኑብስኻ ከተላልየና?**

ስመይ ኣኒስ ሄርሞን ሃይለ እበሃል። ካብ ኣስመራ መጺአ።

**ምስ መን መጺእካ?**

ምስ ኣደይን ኣሕዋተይን ብሓደ መጺአ።

**ናብ ፌስቲቫል እንታይ ክትገብር መጺእካ?**

ክንዛወር። ክንጻወት ከምኡ'ውን ናይ ቈልዑ ኵሉ ክንርእዮ መጺእና።

**ኣብ ኤክስፖ እንታይ ርኢኻ?**

መጻሕፍቲ፡ እንስሳታት፣ ብሄራት፣ ብዙሓት ሰባት



ድማ ርእየ። ሩባ ዓንሰባ ድማ ርእየዮ።

**ካልእ ኣብ ኤክስፖ እንታይ ገይርኩም?**

ሳዕሲዕና፣ ሸተት ኢልና፣ ባቡር ተሰቒልና። ጀላተ በሊዕና፣ ኣብ ገጽና ድማ ስእሊ ገይርና።

* * *

**ምስ ጉዝእ ኑብስኺ ከተላልይና?**

ስመይ ኤፍራታ ዳንኤል እበሃል። ካብ ሎንዶን ዓዲ እንግሊዝ መጺአ።



**ናብ ኤክስፖ ምስ መን መጺእኪ?**

ምስ ማማን ቤተ-ሰበን መጺአ።

**ናብ ፌስቲቫል እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም?**

ክንዛወር። ክንዘናጋዕ። ናይ ኤርትራ ባህሊ ክንፈልጥ። ናይ ቦሎኛ ምርኢት ክንርኢ። ኩሉ ድማ ደስ ኢሉኒ ርእየዮ። ተሓጒሰ ኣለኹ።

**ኣብ ኤክስፖ እንታይ ርኢኺ?**

ኣብ ኤክስፖ፣ መጽሓፍቲ፣ ጉብዩ፣ ህበይ፣ ደረፍቲ፣ ኩዳውንቲ፣ ሳዕስዒት፣ ናይ ብሄራት ኣኾብራ ርእየ።

**ካልእ ኣብ ኤክስፖ እንታይ ገይርኩም?**

መጽሓፍቲ ገዚእና። ሰለል ተጻዊተ። ናይ ኤርትራ ኣኾብራ ርኢና።

****



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ኲነተ–ኣየርን ኲነተ–ኣእምሮን

ውሩይ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ኮሜድያዊ ትራቨል ነዋ፡ ኣብ ሓደ መደብ፡ ኲነታት ኣየርን ኲነተ-ኣእምሮ ሕብረተሰብን ምትእስሳር ከም ዘለዎ፡ ቀልዲ ኣምሲሉ ክገልጾ ፈቲኑ ነይሩ። ኣብቲ መግለጺኡ ምዕራባውያን ንኣፍሪቃ ክገዝኡ ዘበገሶም ምኽንያት፡ እቲ ኣሳሓይታ፡ ቍርን በረድን ዝዓብለሎ ኲነታት ኣየሮም ምዃኑ ይገልጽ። ኣፍሪቃውያን ከኣ ኲሉ መሬቶም ብጸጋ ዝመልአ ካብ ምዃኑ ዝብገስ፡ ክሰርሑ'ኳ ከም ዘየድዮም ብንያት ይዝርዝር። "ኣብ ኣፍደገ ገዛኦም ከይዘርእዎ ባዕሉ ዝበቍል፡ ብማይ ዝናብ ጠጢዑ፡ ካብ ገረብ ወዲቑ ኣብ ቅድሚኦም ንምብላዕ ጥራይ ዝቐረብ ፍሩታት ዝመልአ እዩ። ንኣፍሪቃውያን ኣከባቢ ብሩኽ እዩ፣ ስለዚ ኸኣ ብሩኻትን ለጋሳትን እዮም። ኲነታት ኣየሮም ልዙባት ገይሩ ስለዝሃነጾም ከኣ ኣብ ዓለም ሕሱማት ሰባት ኣለዉ ኢሎም ኣይሓስቡን። በዚ ምኽንያት ከኣ እዮም ገዛእቲ ምስ መጽኡ ዕልል እናበለ ዝተቐበልዎም፡" ኢሉ ቀልዱ ይቕጽል። ዘረብኡ ቀልዲ ይምሰል እምበር፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ኲነታት ኣየር ኲሉ ሸነኻት ህይወትና ይጸልዎ እዩ። ብቐንዱ ኣብ ኣካላዊ ጥዕናና ጽልዋ ክህልዎ ከሎ፡ ኣብ ጥዕና ኣእምሮናን ባህርያትናን'ውን መሰረታዊ ለውጥታት ከኸትል ይኽእል። ዓሌታዊ፡ ገዛኢ፡ ወይ ብኣንጻሩ ለዋህን ተገዛእን ክትከውን ዝድርኽ ሓይሊ ኣለዎ ድዩ? ንዝብል ሕቶ፡ መጽናዕቲ ዘድልዮ ይኹን እምበር፡ ሓሳቡ ሸለል ኢልካ ክሕለፍ ኣይከኣል። ኣከባቢ ንቕዲ ኣነባብራን ባህልን ሕብረተሰብ ዝጸሉ ካብ ኮነ፡ ንባህሪ ደቂ ሰብ'ውን ክጸሉ ግድን እዩ።

ኣብ መጽሓፍ "ስነ-ልቦና ኲነተ-ኣየር"፡ ቀዳማይ ዘልዕሎ ነጥቢ፡ ቀጥታዊ ምትእስሳር ልዑል ምቈትን ጐነጻዊ ባህርን እዩ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ምዉቕ መዓልቲ ኲሉ ዓይነት ገበን፡ ብፍላይ ጐነጽ ዝበዝሖም (ቅትለት፡ ምዝራፍ፡ ጾታዊ ዓመጽን ካልእን ዝኣመሰሉ ገበናት)፡ ቍጽሮም ከም ዝብርኽ ይነግር። ነቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ዝድርዕ፡ "ኣብ ምዉቕ ኪሊማ ዘለወን ኣብ ደቡባዊ ሸነኽ ዝርከባ መንግስታት ኣመሪካ ዝለዓለ ዓቐን ጐነጻዊ ተግባራት ይረኣየለን። ብኣንጻሩ፡ ንደቡብ ገጽካ ኣርሒቕካ እንክትከይድ፡ ክሊማ ስለዝቕየር፡ ዝወሓደ ተርእዮ ገበናት ኣሎ፡" ዝብል ካልእ ወጽኢት ተረኺቡ። ናይዚ መጽናዕቲ ውጽኢት ኣብ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ እስጳኛን ካልኦትን፡ ዶባተን ካብ ደቡን ንሰሜን ዓቢ ዝርገሐ ዘለወን ሃገራት ዘሎ ገበናዊ ተርእዮ ከም ዝመሳሰል ይገልጽ። ኣብ ኣዝዩ ዝሑል ኲነታት ኣየር፡ ምቈት ኣካላትና ንምክልኻል ናብ ገዝና ወይ ምውቕ ቦታ ብምኻድ ኢና ከነሕልፎ ንደሊ። ክሊማ ምውቕ ኣብ ዝብለሉ ግዜ ግን ከካብ ቤትና ወጺእና፡ ናብ ክፉት ቦታታት ክንከይድ ንመርጽ። ኣብ ከምዚ ኲነታት ከኣ ምስ ሰባት ዘለና ርክባትን ምትእስሳራትን ይዛይድ። ምስ ብዝሒ ርክባትን ምትእስሳራትን ከኣ ግጭትን ገበንን ከጋጥም ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ተርእዮ ጐነጻዊ ተግባራት ኣብ ምዉቕ ኲነታት ኣየር ኣብ ግራፍ ክሰፍር ከሎ ትኽ ዝበለ መስመር ዘይኮነ ጥውይዋይ ወይ ዚግዛጋዊ ሕንጻጽ እዩ ዝስእል። ካብ ኣዝዩ ዝሑል ክሊማ ትሑት መጠን ገበን ዝርኢ ስእሊ ጸኒሑ፡ ክሊማ ናብ ኣስታት 30 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ምስ በጽሐ ጐነጻዊ ባህርያት ብብዝሒ ይርኣዩ፣ ካብ 30 ዲግሪ ሰንቲግረይድ እናለዓለ ክኸይድ ምስ ጀመረ ግን ጐነጻዊ ተግባራት እናተሓተ ክኸይድ ይረአ። እዚ ማለት፤ ኣብ ልዑል ዓቐን ምቈትን ዛሕልን ትሑት ተርእዮ ጐነጻዊ ተግባራት ይረአ።

ኲነተ-ኣየርን ብልሒ ኣእምሮናን ከ እንታይ ምትእስሳር ይህልዎ?

ንግሆ ተንሲእና ነታ ዝለመድና ጸሓይ ከይርኣናያ ምስ ነርፍድ፡ ገለ ከም ዝጐደለና ስኽፍክፍ ዝብለና ውሑዳት ኣይኮናን። ኣብ ከምዚ ዘለናዮ ጥሉል ክራማት፡ ንግሆ ቀልጢፍና ንነቅሕ ዝነበርና ኣብ መደቀሲና ከለና ስራሕ ንኣትወሉ ሰዓት ክኣክል ወይ ብግቡእ ከይተበራበርና ናብ ስራሕ ክንከይድ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ድብንብን ዝበለ ኲነታት ኣየር፡ ንኽብድብድ ዝበለ ስምዒታት ስለዝዕድም፡ ኣዕሚቝና ክንሓስብን ዝያዳ ከነስተብህልን ይሕግዝ። ኣብ ገለ መጽናዕታት ከኣ፡ ናይ ምዝካር ዓቕምና፡ ካብ ኣብ ጸሓይ ዝበዝሖ፡ ኣብ ድብንብን ዝበለ ወይ ማይ ዝሃርመሉ ግዜ ከም ዝልዕል ይግለጽ። ዝተፈላለየ ኲነታት ኣየር፡ ኣብ ብልሒ ኣእምሮና ዝተፈላለየ ጽልዋ ኣለዎ። ኲሉ ኸኣ ነናቱ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣሉታዊ ሳዕቤናት ዘምጽኣሉ ግዜ፡ ናብ ኣዝዩ ልዑል ወይ ትሑት ዓቐን ምቈት ወይ ዛሕሊ ምስ ንቃላዕ እዩ። ደበና ክራማት ዝያዳ ኣዕሚቝና ክንሓስብን ከነስተንትንን ይሕግዝ፣ እንተኾነ ክብድብድ ክብለና ይድርኽ። ጨራ ጸሓይ ካብቶም ንዓቕሚ ተበላሓትነትና ዘዕቢ ጥቕሚ ዘለዎ ክኸውን ከሎ፡ ስምዒታትና ዘነቓቕሕ ምስ ምዃኑ፡ ኣብ ንገብሮም ውሳኔታት ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል። ኣብ ምቹእ ኲነታት ኣየር ዘለዎ መዓልቲ፡ ብዙሕ ንጥፈታት ከነካይድ ስለዝብርሃና ብዙሕ ንዓምም ኢና። ብብዝሒ ርክባትን ምንቅስቓሳትን ኣድህቦና ብምስራቑ'ውን ናይ ምዝካር ክእለትና ክጐድል ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።



ኲነተ-ኣየር፡ ኣብ ንምስርቶም ውልቃውያን ይኹኑ ማሕበራውያን ዝምድናታትና ጽልዋ ኣለዎ። ኣብ ፈረንሳ፡ ደቂ ኣንስትዮ ንዝቐርበለን ናይ ዝምድና ሕቶ፡ ካብ ኣብ ቈራሪ መዓልቲ፡ ኣብ ጻሕያ (ጸሓይ ዘለዎ መዓልቲ)፡ ዛያዳ ፍቓደኛታት ኮይነን ተረኺበን። ኣብቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ቈራሪ መዓልቲ፡ 14% ንሕቶ ዝምድና ፍቓደኛታት ክኾና ከለዋ፣ 22% ከኣ ኣብ ጻሕያ ፍቓደኛታት ኮይነን ተረኺበን። እቶም ተመራመርቲ፡ "ምዉቕ ክሊማ ዝሓሸ ስምዒት ክህልወና ስለዝሕግዝ፡ ሰባት ዝያዳ ምቕሉላትን ለጋሳትን ክኾኑ ንርእዮም፡" ብምባል ይትንትኑ። ኣነ'ውን ኣብዚ ትንተና እሰማማዕ እየ። ብስራሕ ንመታሕት ኣብ ዝገሸሉ ግዜ፡ ኲሎም ወነንቲ ቤት መግቢ ኣብ ኣፍደገ ኮይኖም ማይ ቀሪቦም፡ ብፍሕሹ ገጾም እዮም ኣጋይሾም ዝቕበሉ። ቀረቦም፡ ሓደ ጠለብ ንሰለስተ ዘብልዕ፡ ዋግኡ ኸኣ "እምበር ዶ ነዚ ኣሰቢዛ ገዚኦም ኣምጺኦሞ እዮም" ዘብል እዩ። ናብ ኣስመራ ገጽካ ምስ መጻእካ ኸኣ ንሓንቲ ብኬሪ ማይ ከኽፍሉ ወይ "ማይ የለን" ክብሉ ክትሰምዕ ከለኻ፡ "ብርግጽ ኲነታት ኣየር እዩ እምበር ማይ ዶ ይሸየጥ ወይ የለን ይበሃል፡" ትብል።

ፍልቀታዊ ስነ-ፍልጠት፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዝምድናታት ክሊማን ስምዒታት ደቂ ሰብን ተኽእሉኡ ኣይነጽጎን እዩ። ንሚልዮታት ዓመታት፡ ሰብ ኣከባቢኡ ንምልማድን ምርዓምን ቅርጺ ኣካላቱ፡ ስምዒታቱን ሓንጐሉን ብዝተፈላለዩ መስርሓት ፍልቀት ከም ዝሓልፍ ኮይኑ እዩ። እዚ ፍልቀታዊ መስርሕ ከኣ እዩ ብህይወት ክሰርርን ክፉረን ዘኽኣሎ። ኣብ ዓለም ካብ ንፍጠር ጀሚርና፡ ዝዓበየ ቃልስና፡ ኣከባቢና ንምልምማድ ነካይዶ ቃልሲ እዩ። ኣብዚ ቃልሲ'ዚ ተሳዒሮም ዝጸነቱ ብርክት ዝበሉ ዓሌታት ህይወታውያን ክንጽብጽብ ንኽእል። እቲ ዘኸፍአ ክፋሉ ግን፡ ምስ ክሊማዊ ለውጥታት ዓለምና፡ ሓደጋ ምጽናት ዘንጸላልዎም ዘለዉ ህይወታውያን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኹ ይኸዱ ምህላዎም እዩ። ክሊማ ካብቲ ዝለምድናዮ ንላዕሊ ምቈት ወይ ዛሕሊ ምስ ዝኸውን፡ ካብ ባህርያትና ሓሊፉ ንጥዕና ኣእምሮና ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ብኣሉታ ክጸሉ ይኽእል። ኣካላትና፡ ብሰንኪ ክጻወሮ ዘይክእል ክሊማዊ ለውጥን ብርትዐን ናብ ሕማም ምስ ዝቃላዕ፡ ብተዘዋዋሪ ጥዕና ኣእምሮና'ውን ይትንከፍ እዩ። ኣብ ኣካላትና ብዘስዕቦ ሃሰያን ዝተናውሐ ሕማማትን፡ ኣእምሮና ብቐዛነት ክጥቃዕ ይኽእል። ልዑል ዓቐን ምቈት ወይ ዛሕሊ ዘለዎ ክሊማ፡ ናይ ጥዕና ኣእምሮ ጸገማት ንዘለዎም ሰባት ናይ ምጽዋር ዓቕሞም ብምድኻም፡ ሕማሞም ከም ዝብርትዕ ክገብር ይኽእል። ብሰንኪ ኣብ ከባቢና ዝፍጠር ኣከባብያዊ ዕንወት፡ (ውሕጅ፡ ባርዕ ሓዊ፡ ብርቱዕ ማዕበልን ካልእን)፡ ጸቕጢ ድሕረ- ማህሰይቲ ወይ ጉድኣት (post-traumatic stress disorder) ከጓንፈና ኸኣ ይኽእል።

ናይቲ ንነብረሉ ከባቢ ሎንግትዩድን ላቲትዩድን፡ እንታይ ዓይነት ወቕትን ክሊማን ክህሉ ይኽእል መሰረታዊ ረቛሒ እዩ። ኣብ ሓደ ከባቢ፡ ሓደ ዓይነት ክሊማ ንዓመት ምሉእ ኣይጸንሕን እዩ። ሓደ ዓይነት ክሊማ ኣብ ሓደ ከባቢ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሓሉ ከባቢ፡ ኣብ ክልተ ጫፋት ዓለምን ዝርከብ ከባቢ (ሰሚናዊን ደቡባውን ባሕሪ-በረድ) ኮይኑ፡ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝኣክል ናይ ጸሓይን ጸልማትን ወቕቲ ኣሎዎ። እቲ ካልእ ዝበዝሐ ከባቢታት ግን ኣብ ዓመት ዝተፈላለየ ኲነተ-ኣየር ዝርከቦ ኣርባዕተ ወቕትታት የሕልፍ። ኣብ ኣርባዕቲኡ ወቕትታት ባህርያትናን ዝስመዓና ስምዒታትን ከም ዝቀያየር መጽናዕቲ ክሕብረና ዘድሊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፤ "ጸቕጢ በርቲዑ ትኽስ ክንብል ውዒልና፡" "ማይ ክወቅዕ ከሎስ ኣብ ገዛኻ ጋቢኻ ተኸዲንካ ቡንን ሸዊት ዕፉንን ይረኣየካ፡" "እዚ ቁሪ ምስ ጸላኢኻ የተሓቛቑፍ፡" "እዚ ግመን ዕፍዒፍታን ብእግርኻ ተዛወረሉ ይምጽኣካ..." እናበልና ዘሎ ኲነታት ኣየርን ዝፈጥረልና ስምዒታትን ከነተኣሳስሮ ስለንርአ። ካብ ስምዒታዊ መግለጺ ሓሊፍና ግን፡ ብልክዕ ኣብ ባህርናን ጥዕና ኣእምሮናን ዝፈጥሮ ጽልዋ ኣዕሚቝና ክንሓስበሉ ኣይንረአን። ኣብ ሓደ ዓዲ ብስራሕ ኣብ ዝኸድኩሉ ግዜ፡ ኣብ ዓሰርተ ደቒቕ ዘይመልእ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ዝኾኑ፡ ካብ ክልቲኡ ጾታ ኣብ ኲሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ፡ ብሕማም ስነ-ኣእምሮ ዝተጠቕዑ፡ ኣብቲ መንገዲ ዘወን ክብሉ ረኣኹ። ነቲ ኣብቲ ዓዲ ዝሰርሕ መሳርሕትና፡ ጥንቂ እቲ ዝረኣናዮ ብዙሕ ቍጽሪ ናይ ኣእምሮ ሕማም ዘለዎም ሰባት ምስ ሓተትክዎ፡ ብዙሕ ነጥብታት ገሊጹለይ። እንተኾነ፡ እቲ ዝጠቐሶ ረቛሒታት ኣብ ካልኦት ዓድታትን ከተማታትን'ውን ኣሎ። ብዙሓት ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ግን የለዉን። ድሕሪ ብዙሕ ዓሚቝ ትንተና ዘለዎ ክትዕን ዕላልን ግን፡ ኣብቲ ሓውሲ ቆላ ዝኾነት ዓዲ ዘሎ ኲነታት ኣየርን ባልዕን እዩ ዝኸውን ኢልና ዛዚምናዮ።

ኲነታት ኣየር ንባህርናን ጥዕና ኣእምሮናን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንህላውነትናን ቀጻልነትናን'ውን ዝጸሉ ሓያል ረቛሒ እዩ። ኣብ ከባቢና ዘሎ ክሊማ ብኸመይ ይጸልወና ኣሎ፣ ናይ ኣካላትናን ኣእምሮናን ተጻዋርነት ዓቕሚ ከመይ ኣሎ፣ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ክንጻወሮ ዘይንኽእል ኲነታት ኣየር ከይመጽኣና እንታይ ክንገብር ኣለና ምፍላጥ የድሊ። ጽሩይ፡ ልሙዕን ካብ ብከላ ነጻ ዝኾነን ኣከባቢ፡ ርጉእን ዘይለዋወጥን ኲነታት ኣየር ክህሉ ይድርኽ። ጥዑይ ኣእምሮ ክህልወና ኸኣ ብቐጥታ ይሕግዝ። እዚ ግን ብቐሊል ዘመጽእ ውጽኢት ስለዘይኮነ፡ ኣብ ከባቢና ዝግበሩ ናይ ልምዓትን ጽሬትን ንጥፈታት ክንሳተፍ የድሊ። ኣብ ውሽጢ ኣከባቢ ክሳብ ዘለና፡ ኲሉ ናይ ኣከባቢ ጒዳያት ይምልከተና እዩ።



# ስነ-ቁጠባ

## ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

7ይ ክፋል
ነማርያም ዮሃንስ
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

*“ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ - ምትእስሳር ምስ ሞዴል ልምዓት ኮርያ” (Re-inventing Africa’s Development –Linking Africa to the Korean Development Model) ዘርእስታ መጽሓፍ ብጆንግ ዱ. ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት ዝተጻሕፈት ኮይና፣ ሓድጊ መግዛእቲን ሕሰም ኣፍሪቃን፣ ማስረታዊ ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ፣ ዝተረስዐ ተልእኾ ምህናጽ ሃገር፣ ምንዳይ ዝጠፍኡ መላግቦታት ልምዓትን ትምህርቲን፣ ተመኩሮ ልምዓት ኮርያ ዝበሉ ኣርእስተ ሓሳባት እትትንትን እያ።*

### “ምቅያር ኩነተ ኣእምሮ” ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ

ቁጠባዊ ተኣምር ደቡብ ኮርያ ብሃገር ደረጃ ብዘሙት ምቅያር ኩነተ ኣእምሮ ከም ዝጀመረ ውሑዳት ኣህጉራውያን ክኢላታትን ተዓዛብትን ጥራይ’ዮም ዝፈልጡ። ብዛዕባ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕቤት ደቡብ ኮርያ ብኮርያውያን ይኹኑ ወጻእተኛታት ክኢላታት ቁጠባ ዝተጻሕፉ ብዙሓት መጻሕፍትን ዓንቀጻትን እንተድኣ ረኢና፣ ንዘሙተ ምቅያር ኩነተ ኣእምሮ ብዝምልከት ንከም ሳሙኤል ኦንዶንግ ዝኣመሰሉ ሞዴላት ብዙሕ ኣይጥቅስን እዮም። ድሒሩ ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት ጥራይ’ዩ ሳሙኤል ኦንዶንግ ከም ኣህጉራዊ ናይ ልምዓት ሞዴል ኣፍልጦ ተዋሂብዎ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ 2013 ኣብ ትካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ትምህርትን ስነ-ፍልጠትን (ዩኔስኮ) ኣብ መዝገብ ዝኽሪ ዓለም ሰፊሩ።

ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ፓርክ ቻንግ-ሂ፣ ቁጠባዊ ምዕባለ ብዘይ ገጠራዊ ልምዓት ክመጽእ ከም ዘይክእል እዩ ተገንዚቡ። ስለዚ ኣታዊ ስድራቤታት ገጠር ክመሓየሽን ኣታዊ ዝፈጥር ዕድላትን ሸቃላትን ብምፍጣር ኣብ ዘለውዎ ከም ዝቕመጡ ምግባርን ንቻንግ-ሂ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነበረ። ብርግጽ ድማ ነቲ ብቕልጡፍ ኢንዱስትርያውነት ዝስዓበ ጸገማት ዘይምዕሩይ ዕቤት ንምግታእ ተረር ስጉምቲ ይጠልብ ነበረ። ኣብ 1970 መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ሳሙኤል ኦንዶንግ ወይ ምንቅስቓስ ሓዳስ ዓዲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ወፍሪ ገጠራዊ ልምዓት ኣበገሰ። ዕላማ ናይዚ ምንቅስቓስ’ዚ፣ ሕዱር ድኽነት ገጠራት ንምብርዳዕ፣ ኣታዊታት ሓረስቶት ንምዕባይ ነበረ። ነዚ ዕላማ’ዚ ንምጭባጥ፣ መንግስቲ ኣብ ኣተገባብራን ኣፈጻጽማን ዝምርኩስ ፖሊሲ ደገፍ ኣተኣታተወ። ንዕዉታት ዓድታት ኣድልዎ ዘለዎ ደገፍ ኣተኣታተወ። እቲ ምንቅስቓስ ዝተዋህሃደ መደብ ገጠራዊ ልምዓት፣ ናይ ባህሪ ለውጢ (ናይ ኣተሓሳስባ ስውራ)፣ ምዕባይ ኣታዊታትን ከባብያዊ ምምሕያሽን ዘጠቓልል’ዩ ነይሩ።

ብዘይ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ኩነተ ኣእምሮ መራሕትን ህዝብን፣ ናይ ብሓቂ ኹነታት ክምዘይህሉ ዋላ ሓደ ዘይሰማማዕ የለን። ሸቶታት ምቅማጥ፣ ባህግኻ ምግላጽ ዝቐለለ ክፋል’ዩ። ብዮጉበሪ እንተዘይተሰንዩ ግን ረቡሓ የብሉን። ብዛዕባ’ዚ ኣርእስቲ’ዚ ኣዝዩ ግጉይ ኣመለኻኽታ ወይ ሸለልትነት ኣሎ። ልምዓት ማለት ምኽዛን ኣይኮነን፣ ንህልዊ ኩነታት ምጽጋን’ውን ኣይኮነን፣ ብዛዕባ “ዋሕዚ” ጽንሰ-ሓሳብ ኣብ ስ-ቁጠባን ብዛዕባ ለውጢን ዲናሚክስትን እዩ። ብዙሓት ብጌጋ ዝርድእዎ ነገር ኣሎ። ሃገራዊ ሃብቲ ዝሰጋገር ወይ ልክዕ ከም ነገራዊ ኣቕሓ ዝኽዘን’ዩ ዝመስሎም። ሃብቲ ጻዕርካ ትፈጥሮ እዩ።

ዋላ’ኳ ብዙሓት ረቛሒታት ድኽነት እንተለው፣ እቲ ናይ ብሓቂ ጠንቂ፣ ሰእነት ጸጋታት ዘይኮነ ኩነተ-ኣእምሮ ናይቶም ኣብ ስራሕ ዝነጥፉ ሰባት እዩ። ብዘይውልውል ድኹም ናይ ስራሕ ኣገባባት- ንመጻኢ ሓሲብካ ዘይሰርሕ ኣቕዲሙ ዝዓቅድ ዝደኸመ ምድላዋት ዘይምግባር፣ ኣብ ትሰርሖ ስራሕ ኣተኩሮን ተወፋይነትን ዘይምግባር፣ ብቐሊሉ ስራሕ ምቁራጽ፣ መብጽዓን ናይ ግዜ ገደብን ዘይምኽባር... ወዘተ. ብዙሕ ጉድኣት ዘስዕቡ እዮም። እንተኾነ ግን ብዙሕ ኣይጥቀሱን እዮም። ሰባት ብዛዕባ ድኽነት ኣብ ኣፍሪቃ ክሓስቡ ከለዉ. ድኽነት ብመንጽር ሰእነት ዓቕሚ ከምዝተፈጥረ ዘእንፍት ዝንባለ ናይ ኣተሓሳስባ ኣሎ። እንተኾነ ሓደ ክሕሰብ ዘለዎ፣ ድኽነት ብሰንኪ ገዛእ ርእስኻ ዘይምምሕዳር (ኣብ ገዛእ ምወህላልን ውጥን ወጻኢታትን) ዝስዕብ ወይ ቀጻሊ ዝሰርት እዩ።

ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ሰባት ንጸገማቶም ናብ ደገ ከላግቡ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ጸገማትን ድሌታትን ንምፍታሕ ግን ዝተፈላለየ መገዲታት እዩ ዘሎ። ሰባት ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ኣስተንቲኖም ንጸገማቶም ካብ ውሽጦም መልሲ ወይ መፍትሒ ናይ ምርካብ ዝንባለ ከም ዝህልዎም ምግባር፣ ወይ ከኣ ብኣንጻሩ ጸገምካ ንካልኦት ብምልጋብ ወይ ከኣ ጸገምካ ካልኦት ክፈትሕልካ ናይ ምጽባይ ዝንባለ ከም ዝህልዎም ምግባር ይከኣል’ዩ። ክእለትን ቴክኖሎጅን እንተድኣ ናይ ብሓቂ ክትረኽቦም ጻዕርካ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። ቡቲ ሓደ ኣድ ድማ ዝርዝር/ወጀሃላይን ዘይሓላፍነታውን እንተድኣ ኮይንካ ፍልጠትን ትካላውነትን ምህላው ትርጉም የብሉን።

ልምዓት ዓቢ ለውጢ ምግባር ማለት እዩ። ድኽምካን ጸገምካን ኣብ ክንዲ ምሽፋን ኣሚንካ ንምዕራዩ ምስራሕ ማለት እዩ። ልምዓት ጸዓርካ ትረኽቦ’ምበር ብኻልኦት ዝምጠወልካ ኣይኮነን። ልምዓት ዘይፍታሕ ቀመር ዘለዎ ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ ህዝብን መንግስትን ንናይ ሓባር ዕላማ ብሓባር ምስ ዝሰርሑ ዝርከብ እዩ። ንስለ ልምዓት ኢልካ ኣብ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ጉዳያት ቅኑዕ ምኽንያት ኩሉ ግዜ ጸቡቕ ዘይኮነውን ይኽእል እዩ። ሓቀኛ ምኽንያት ግን ዝሓሸ ውጽኢት ክህብ ይኽእል እዩ።

ኣብ ኩነተ ኣእምሮ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ዘሎ ጸገም ኣብዞም ዝስዕቡ ኣምራት ክጠቓለል ይኽእል፦

1. ሕማም ጽግዕተኛነት
2. ንዓይ ዝኸውን እንታይ ኣለዎ ዝብል ሕማም
3. ሕማም ምንስሓብ
4. ኣሕጽርካ ምጥማት
5. ግብርን ትግበረን ኣልቦ
6. ድኹም ስምዒት ሓላፍነት ወይ ዋንነት
7. ድኹም ስምዒት ሃገራውነት ወይ ሓርበኝነት
8. ባህሊ ኮምሽን (ባህሊ. ዓስቢ. ምድላይ)

ብቐዳምነት ኩልና ብዛዕባ ‘ሕማም ጽግዕተኛነት’ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ምዝራብ ለሚድናዮ ኢና። ኣብ ኩሉ’ቲ ከባቢ፣ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ሕብረተሰብን መንግስትን ብሰፊሑ ተዘርጊሑ ዘሎ እዩ። ከም ኣብነት ኣብ ታሕተዎት ምምሕዳራት ዝርከቡ ሓለፍቲ ባዕሎም ክሰርሕዎ ዝኽእሉ እንከለዉ፣ መንግስቲ መጺኡ ንመሰረታዊ ነገራት ክሕግዞም ናይ ምጽባይ ዝንባለ ኣሎ።

“ንዓይ ዝኸውን እንታይ ኣለዎ” ዝብል ሕማም ምስ ዝመጸ ስራሕ ናትካ ረብሓ ምንዳይ ማለት እዩ። እዚ’ውን ብሰፊሑ ኣብ ህዝቢ’ቲ ከባቢ ዝውቱር ኮይኑ ንረኽቦ። እዚ ዝምልከ’ዚ ቀዳሚ ዝኾነ ነገር ናትካ ረብሓ ኣብ ቀዳሚት ምስራዕ’ዩ። ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ድኹም ኣቕርቦት መንግስታዊ ኣገልግሎታት ምህላው ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝተፈልጠ ሓቂ እዩ። እዚ ከኣ ዓቢ ዕንቅፋት ንልምዓት እዩ። ኣብ ውልቃዊ ዋኒን ምጽማድ ልሙድ ተግባር ሰበ ስልጣን መንግስቲ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ እዩ። ሓንሳብ ሓንሳብ’ሲ ኣብ ስራሕ መንግስቲ እንከለዉ ውልቃዊ ረብሕኦም ዘቐድሙ እዮም። ኣብቲ ዝተዋህቦም ዕማም መንግስቲ ንዕኦም ዘርብሕ እንተዘየልዩ ሸለል ናይ ምባል ዝንባለ ኣለዎም። ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ናይ ረቡሓ ግርጭትን ብልሽውናን ዘራጉድ ጥራይ ዘይኮነ፣ ንብቕዓት መንግስቲ ብዓቢኡ ዘጉድል እዩ። ምጉንዳብን ምድንጓይን መንግስታዊ ኣገልግሎታት ንብልሽውና ክይሓወስካ ብዙሕ ቁጠባዊ ሃሰያ ኣለዎ።

“ሕማም ንድሕሪት ምንስሓብ”፣ ኣብ ክንዲ’ቲ ካብቲ ተጻናጺፍካዮ ዘለኻ ንቕድሚት ትኸይድ ንድሕሪት ናይ ምምላስ ዝንባለ እዩ። እዚ ጸገም’ዚ፣ “ስጉምኻ ምዕቃብ”፣ ሸቶታትካ ምውቃዕ” ዘይምኽኣል፣ ቀጻልነት ዘይምህላው፣ ምስ ትጽቢታትካ ዘይምንባር ማለት እዩ። ዳይናሚክ ቁጠባዊ ዕቤት ኣብ ዘምዝገባ፣ ነገራት ምስ ግዜ ከም ዝመሓየሹ ሰባት ውሑስ’ዮም ዝዙበርዎ። ይኹን’ምበር ኣብ ኣፍሪቃ ከምኡ ኣይኮነን። ብሓቂ ምስ ግዜ እናሓመቐ ዝኸይድ’ምበር ዝመሓየሸ ኣይትርእን። እቲ ብቐሊሉ ዝርአ ድማ ምንቅልቓል ትሕተ-ቅርጺን መሳለጥያታትን እዩ። እዚ ንድሕሪት ናይ ምንስሓብ ሕማም ኣብ ብዙሓት ግንባራት ዝርአ ኮይኑ ብደረጃ ሃገር ወህሉል ወይ ተራቢሑ. ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ እዩ።


ቀጺሉ ዝመጽእ ሕማም ኣሕጽርካ ምጥማት’ዩ። እዚ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ዘጋጥም እዩ። ዘይጽንፋፍ ስራሕ፣ ንሓደ ነገር ከይወዳእካ ኣብ መንጎ ናይ ምጉዳፍ ልምዲ፣ መብጽዓን መፈጸምታ ግዜን ዘይምኽባር፣ ፍሉይ ተርእዮ ካብ ምኳን ሓሊፉ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ብሓፈሻ ንዝርዝራትን ቀዳምካ ምሕሳብን ኣቓልቦ ኣይወሃቦን ዘሎ። ስለዚ ዋላ`ውን እቲ ቀንዲ መሰረታዊ ነገር ማለት ከም ደረጃ ምትሓዝን መስመራውን፣ ጆሜትራዊ ቅሉዕነት ናይ ፍርያት ዝበዝሕ ግዜ ኣይማላእን።

ዝመድብዮም ዘይምትግባር ወይ ስጉምቲ ዘይምውሳድ ሓደ ካልእ መለለዪ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ እዩ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ስጉምቲ ዘይምውሳድ ኣዝዩ ዓቢ ጸገም እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ሱብ ብዙሕ ዘረባ ሐደት ተግባር ከምዘሎ ይሰማማዕ እዩ። ነዚ ዝምልከት ብዙሓት ኣበሃህላታት ኣለው። “ካብ ክትጉብሮ ክትብሎ ዝቐልል”፣ “ጥርሑ ባኺ ብዙሕ ድምጺ ይጉብር”፣ “ተግባር ካብ ቃላት ንላዕሊ ይዛረብ”፣ “ዓቢ ሱብ ቅድሚ ዘረባ ተግባር የቐድም” ዝብሉ መግለጺታት ለዋጣት ምሂርምና እዮም።

ሓላፍነትን ዋንነትን ዘይምህላው ሓደ ካብ ቀንዲ ጸገማት ልምዓት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ እዩ። ተሓታትነት ንተፈጻምነት ትካላዊ ኣገባብ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዝያዳ ዘድሊ ግን እቲ ህዝቢ ናይ ሓላፍነት ስምዒት ክህልዎ ከሎ እዩ። መለለዪ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ኮይኑ ዝረአኽዎ፣ ብስም ሃገራዊ ዕርቂ ንገበነኛታት ምሕረት ናይ ምሃብ ልምዲ እዩ። ፖለቲካውያን መራሕቲ ምሕረት ክሓቱ ሱሉጣት እዮም። ብሉ ኣብሎም ከኣ ካብ መቕጻዕቲ የምልጡ። ክሕደትን ምትላልን ድማ ልሙድ ይኾውን። ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝበርከሉ፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብዙሕ ውሽጣዊ ግርጭታት ተዓዚቡ፣ እቶም ወተሃደራትን ፖለቲከኛታትን ብዘይጸገም ‘የቐያየሩ’። ረቡሓ ይቕድም፤ እዚ ከኣ ነቲ ግርጭት ከይዓርፍ ናብ ምኽልካልን ዘላቕነትን ከምዝምርሕ ይጉብር። ምኽንያቱ ምሉእ ብምሉእ ንምዕጻው. ንጹር ድሌት ስለዘየሎ።

ድኹም ስምዒት ሃገራውነትን ሓርበኝነትን ካልእ ሓፈሻዊ መለለዪ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ እዩ። ድኹም ስምዒት ሃገራውነትን ሓርበኝነትን ምስ ድኽመት ኣሰራርሓ መንግስቲ ዝዛመድ ኮይኑ ንሓድሕዱ ዝመጋገብ እዩ። ምስፍሕፋሕ ሃገራውነት ክንጸ ቀቢላውነትን ወገናውነት ዝሰግር ክፍጩብጥ ዘለዎ ዝዓበየ ሸቶ እዩ። ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ብውሽጣዊ ግርጭታትን ምፍንጫልን ተሓሚሰን ዘለዋ እዚ ስምዒት’ዚ ብዮጉበሪ ስለዘየለ እዩ። ስለዚ ስምዒት ሃገራውነት፣ ሃገራዊ መንነት፣ ሓድነትን ሓርበኝነትን ብኸመይ ክድንፍዕ ይኽእል? እቲ ዝዓበየ ሓላፍነት ኮይኑ፣ ኣብ እንግድዓ እቶም ኣበውት ኮይኖም ንሃገሮም ንቕድሚት ክመርሑ ዝኽእሉ ፖለቲካውያን መራሕትን ልሂቃንን ዝዓርፍ እዩ። እዚ ድማ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ምስ ናይ ህዝቢ ወለንታውነት ሓድሕድ ብምውሳእ ዝፍጸም እዩ።

እቲ ናይ መወዳእታ ሕማም፣ ብሰፊሑ ኣብ ኩሉ ደረጃ ሕብረተሰብ ተዘርጊሑ ዘሎ ልክዕ ከም ግቡእካ ወሲድካ ካብ ዝኾነ ኮምሽን ምድላይ እዩ። እዩም ቀንዲ ኣብዚ ጉዳይ ዝኾኑ ናይ ወጻኢ ኣውፈርቲ እዮም። ልምዲ ኮምሽን ድማ ሓደ መልክዕ ናይ ብልሽውና እዩ።




ይቕጽል . . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT VA/03/20

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

**Job Code Title:** **Laboratory Technician**
**Classified Grade:** **NPSA 6**
**Duty Station:** **Asmara**

**Organizational Context**

This position is located in the United Nations common premises and is part of the Clinic.

The UN Clinic is under the delegated authority of DHMOSH, and is responsible for the following duties:

- Provides primary health care to all international and national UN staff and their eligible dependents.
- Response to covid-19 pandemic and other pandemics following the WHO and UN guideline and the rules of the Health Authorities in Eritrea
- Recognise and response to acute and life-threatening conditions revealed to UN staff and their eligible dependents, provide emergency medical care and stabilize them until the handover to higher level of care inside and outside country.
- Provide occupational health service by issuing entry and periodic medical examinations, manage sick leaves and medical evacuations.
- Upload in the Global UN recording system EarthMed reporting all its works performed during the day.

**Scope of Work**

- The Laboratory technician of UN Clinic Asmara requires:
- Attend the UN Clinic on part time basis a week and be on call in acute/emergency cases during the outside office hours to perform the requested laboratory test
- Collect and label all samples of different tests following international biosafety standard
- Ensure the safe handling and transporting of bio-hazard materials in compliance with international standards and practices
- Ensure the appropriate disposal of hazardous materials following international standards of biosafety
- Report timely the requested tests to UN Doctor and ensure that the reports are managed promptly and in confidential manner
- Regular maintenance of all laboratory equipment's following the technical specifications of the manufacturer of the equipment
- Proper report of problems related to laboratory performance for the fast and efficient resolution
- Participate on gatherings organized by the clinic for Health and Safety awareness and promotion programs.
- Ensure proper management of reagent stock; keep inventory of Laboratory supplies and ensure that the supplies are always replenished and adequate
- Keep records of all work done in the Laboratory activities.
- Responsible for the regular maintenance of all laboratory equipment's following the technical specifications of the manufacturer of the equipment.
- The incumbent performs other duties within their functional profile as deemed necessary for
- the efficient functioning of the Office and the Organization.

**MINIMUM QUALIFICATIONS**

**Education**

- Diploma in Medical Laboratory Technician.

***Experience***

- Minimum of 6 years of relevant experience in Laboratory technology is required Good communication and interpersonal skills are essential.
- Experience in the use of computers, office software packages (MS Word, Excel, etc.) and web-based management systems, and advanced knowledge of spreadsheet and database.
packages.
- Experience in Personal Protection Equipment application during any procedure performance is required.
- Previous work, in a health facility with well-organized laboratory is desired.
- Proven experience and good knowledge of the microscopic examination is advantageous.
- Experience of the using all laboratory machines.
- Working experience within UN agency is an asset.

**Language requirements (Required / Desired)**

- Fluent written and spoken English is required.

**Other**

- Qualified female candidates are especially encouraged to apply.

**Application**

- Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be uploaded.
- Applicants can visit the UNDP Youth Connects for Development center to apply on the job site.

Interested applicants should apply on the link below:
https://estm.fa.em2.oraclecloud.com/hcmUI/CandidateExperience/en/sites/CX_1/job/17517/?utm_medium=jobshare

| **Closing Date: 29** | August 2024 |
|---|---|

**UNDP is committed to achieving workforce diversity in terms of gender, nationality and culture. Individuals from minority groups, indigenous groups and persons with disabilities are equally encouraged to apply. All applications will be treated with the strictest confidence.**

**UNDP does not tolerate sexual exploitation and abuse, any kind of harassment, including sexual harassment, and discrimination. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks.**

(Only Short-Listed Candidates will be contacted).

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዞን 03 ፕሎት 68 ፓርሰል C ዝርከብ፡ ብስም ወ/ሮ ኣስካል ስዩም ገብረመድህን ዝተመርሐ 7 ቀንዲ ክፍሊ ምስ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ስሩሕ ዘለዎ፡ 250 ት/ሜ ስፍሓት መሬት ብዕለት 24/3/1992 ዓ/ም ዓዲጊ ዝተበረሉ ዘለኹ ገዛውቲ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባዚሉ እንተኾይኑ መቃወሚ ሐዙ ናብ ምም. ን/ዞ ዓዲ ቐይሕ ይቕረብ። እንተዘይቀረበ፡ ብመሰረት ውዕል መሸጣይ ናብ ስመይ ክሰጋገር ምኽንያት ኣይከውንን።

ቀሺ ሽማግለ ሓጎስ ገብረመድህን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ዓብይዝጊ ወልደሰላሴን ብፍ/ሰ/ዕዳን ኣቶ ሃይለ ወልደስላሴ፡ ወ/ሮ ጸገ ደምሳሽን ኣቶ የሴፍ ሃይለን ኣብ ቤት ፍርዲ ጉዳይ ከምዘለዎም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ኣቶ የሴፍ ሃይለ ወልደስላሴ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢኢያ ቁ.35 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ዳግማዊ ወንድኣየን ምሕረቱ ኣደይ ሂወት ማሰፍን ተሰፋሚካኤል ስለዝዕረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሰለሙን ግርማይ ተስፋ፡ ኣዴና ንግስቲ ጉብረደሃንስ ጉብረዝጊ ስለዝዕረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ለምለም ተኽለ ክፍሉ፡ ኣቦይ ተኽለ ክፍለ ጊዮርጊስ ስለዝዕረፈ፡ ንኣደይ ወ/ሮ ዓድዋ ወልደሃይማኖት ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ዳኒኤል የማን ተኽሉ፡ ኣደይ ትንሳኤ ጉብረመስቀል ሓድጉ ስለዝዕረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰሃት ጋይም ደምር፡ ብዓል ቤተይ መም. ወልደማርያም እክት ሰፋፍ ስለዝዕረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ተወልደብርሃን ወልዳይ ተወልደ፡ ተኸሳሲ ዓወት እንድርያስ ጉብረጻድቕ ዘሎ ናይ ገዝዙብ ክርክር፡ ተኸሳሲ ዓወት እንድርያስ ጉብረጻድቕ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ንግስቲ መብራህቱ እያሱ፡ ተኸሳሲ መሓሪ ወልደሩፋኤል ወልደጋብር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ኣበባ ኪዳን ተኽለኣብ፡ ብዓል ቤተይ ክብሮም ማሰፍን ወልደየውሃንስ ስለዝዐረፈኒ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሚልዮን ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፊልሞን ነጋሲ ወልደማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ማና ሓገስ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረዝጋብሄር ሃብተስላሴ ዘርኣየውሃንስ ስለዝዐረፈኒ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሃብተስላሴ ተስፋይ፡ ሰም ኣደይ መድህን ለኣከ ተወልደ ምግል ተሪፉ፡ ለተንክኤል ለኣከ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሓረጉ በየነ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ መሓሪ ተኽለ ስለዝዐረፈኒ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣማኑኤል ጉብረልኡል ተኽለማርያም፡ ሓወይ ሙሴ ጉብረልኡል ተኽለማርያም ደሆ ስለዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለዝበለ፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዒድ

ኣቶ ጉብሪት ወልደጋብር ረድኢ፡ ወ/ሮ ጸገወይኒ ቀሺ ዳንኤል ጺጋይ፡ ጓልና ሻም ጉብሪት ስለ ዝተሰውአት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ ንሕና ወለዳ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፧ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢኢያ ይቕረብ፡፡

ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከቡ ንግዳዊ ትካላት፡ ናይ ውልቅን ማሕበራት ኩባንያታትን ከምኡ'ውን መንግስታዊ ትካላት፡ ብዋሂዝን መለክዒታት እተገልግሉ ወገንቲ ሚዛናት ምስ ከሎታት፡ ሊትሮታት፡ ሜትሮታትን ኣውቶማቲክ ሚዛናትን ወዘተ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ትካል ደረጃታት ኤርትራ ድሕሪ ሰሃማ ሮማ ጎረቤት ኢምባሲ ጥልያን ኣቕሪብኩም ንኽተመርምሩ ብትሕትና እናሓበርና፡ ኣብ ግዜኡ ኣቕሪብም ዘየመርመሩ ግን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክንወስድ ምዃንና ብዘወሳኺ ንሕብር፡፡

ትካል ደረጃታት ኤርትራ

### ምልክታ ጨረታ

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ (ኤሪተል) ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ጽሕፈታትን መሳርሒታት ተተኺሉሉ ዘሎ ቦታታትን ብኹንትራት ናይ ጽሬት ኣገልግሎት ዝሀቡ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ዝ.ዝስዕብ ረቛሒታት ዘማልኡ ክኾኑ ይግባእ፡፡

1.ተጫረትቲ ናይ መወዳእታ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ፡፡

2. መኽበሪ ጨረታ 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብ CPO ክትሕዙ ኣለምም፡፡

3.ተጫረትቲ መኽበሪ ጨረታ ምስ ኣትሓዙ ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ኤሪተል ከባቢ ፋብሪካ ኣልኮላዊ መስተ (እንዳ ሪኒሊ) ቁጽሪ 03 ክወስዱ ይኽእሉ፡፡

4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን፡፡

5. ጨረታ ዝኽፈተሉ፡ ድሕሪ ጨረታ ምዕጻው ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ መኣከቢ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኤሪተል ጎደና ሰማእታት ቁጽሪ 11 ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት፡፡

6. ኤሪተል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ንጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ (ኤሪተል)

ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

VACANCY

Coordinator/Supervisor

The ideal candidates schould possess:

TRUSTWORTHY AND RESPONSIBLE
EXCELLENT COMMUNICATION SKILLS
EXCELLENT WRITING AND ORAL SKILLS IN ENGLISH & TIGRINA
KNOWLEDGE IN MS OFFICE PACKAGE
BASIC KNOWLEDGE IN ACCOUNTING
AGE: BETWEEN 30 - 45 YEARS

Closing date of application: 10 days from date of advertisement
CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION/EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE. PLEASE NOTE THAT COMPLETION/EXEMPTION OF NATIONAL SERVICE IS A REQUIREMENT. COPY OF CARD/EXEMPTION MUST BE ATTACHED. APPLICATIONS WITH OUT THIS REQUIREMENT WILL NOT BE CONSIDERED.

☎ 122193 Gureto 173 St. No. 14 P.O.Box 5871 Asmara Eritrea

ብስራት ኣብ ዕድጊ መጽሓፍቲ

ብምኽንያት ዓወታት ቢንያም ግርማይ ከምኡ'ውን ወርቃዊ ኢዮቤል ፈስቲቫል ኤርትራ ሰቲት ስቴሽነሪ ኣብ መጽሓፍቲ ናይ 30% ኣተባባዒ ህያባት ኣዳልዩ ከምዘሎ የበስር።

ካብ ዕለት 15/08/2024 ክሳብ 27/08/2024

ሰዓታት ስራሕ:-
08:00 ቅ.ቀ - 9:00 ድ.ቀ ከተዕድጉ ትኽእሉ።

ኣድራሻና፡ ጎኒ ኣስመራ ሰንትራል ሆቴል፡ ከባቢ ሓወልቲ ፑሽኪን።
ቁ.ቴለ: 07222010 ወይ 07171911

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY Notice No. 2024/06

The United Nations Children's Fund (UNICEF) in Eritrea is inviting applications from suitably qualified applicants for the post of **Individual Consultant for First Foods Initiative, Climate Smart Nutrition Actions, Multi Systems, Asmara-Eritrea.**
TYPE OF APPOINTMENT: **Consultancy**
DURATION: **11 months**

UNICEF works in some of the world's toughest places, to reach the world's most disadvantaged children. To save their lives. To defend their rights. To help them fulfill their potential. Across 190 countries and territories, we work for every child, everywhere, every day, to build a better world for everyone. **And we never give up!**

**For every child, HEALTH!**
The Ministry of Health and UNICEF in Eritrea has placed climate resilience, adaptation and mitigation with support for food system transformation at the heart of the malnutrition prevention agenda.
UNICEF seeks the support of a qualified and experienced consultancy service provider to support the scaling up of the first foods initiative, the climate change agenda and the multi system approach for improved young child diets, nutrition services and practices. The Consultant will report to the Nutrition Specialist who is responsible to monitor expected deliverables and timelines.
**Key functions/accountabilities**:

- Capacity building of health workers at zoba, sub zoba and community level in implementing the first foods DMK initiative.
- Establish a clear monitoring system and documentation of the First foods DMK initiative, ensure systematic collection of lessons learnt and document good practices.
- Support the production and distribution of fish powder among children 6 to 23 months with close collaboration with the Ministry of Marine Resources.
- Support the development and implementation of climate smart nutrition actions for Eritrea and support the climate financing agenda of the nutrition program.
- Strengthen nutrition integration in multi systems of Food, WASH, Health Social protection and education ensuring that each system is accountable to nutrition outcomes.
- Ensure collaboration and strong partnerships for joint nutrition programming within the UN family and in government line Ministries.

**Deliverables**

- Submission of Inception report with detailed workplan (5 days)
- Monitoring tools developed (15 days)
- Training of 100 Trainers health workers on complementary feeding report (5 days)
- DMK uptake mapping exercise report (15 days)
- Fish powder and value-added fish products produced, distributed and promoted in children 6 to 23 months (30 days)
- Progress reports on egg powder production and distribution initiatives (20 days)
- Eritrea context specific climate smart nutrition action framework developed (20 days)
- At least 1 climate smart nutrition proposal developed or supported for implementation (10 days)
- Two implementation reports indicating the integration of nutrition promotion in the MIHAP (20 days)
- A clear roadmap of how the multisystem are going to be coordinated in Eritrea (10 days)
- Four Meetings conducted with the systems to discuss implementation progress (10 days)
- All quarterly UN Nutrition Technical Working Group Meetings attended (5 days).
- All IYCF Technical Working Group Meetings attended (10 days)
- Case stories and documentation (15 days)
- Final Report submitted (15 days)

**To qualify as a champion for every child you will have:**

**Education**: University degree in Nutrition/Public Health/Development studies or other related fields. A Masters Degree is an added advantage.
**Work Experience:** At least 5 years of progressive experience in Nutrition, Public health, Food systems and climate change programming. Demonstrated experience of similar work with UNICEF, other UN agencies, international organization and Ministry of Health is an asset. Strong programming, coordination, analytical, organizational, and inter-personal skills. Experience in developing strategic documents, results frameworks, monitoring tools, climate change, and capacity building.
**Language Requirements:** Fluency in English and the local language is required. Knowledge of other UN languages is an asset.
**UNICEF's Core values**

- Care, Respect, Integrity, Trust and Accountability

**UNICEF's Core Competencies**
Demonstrates Self Awareness and Ethical Awareness (1); Works Collaboratively with others (1); Builds and Maintains Partnerships (1); Innovates and Embraces Change (1); Thinks and Acts Strategically (1); Drive to achieve impactful results (1); Manages ambiguity and complexity (1)

UNICEF is committed to diversity and inclusion within its workforce, and encourages all candidates, irrespective of gender, nationality, religious and ethnic backgrounds, including persons living with disabilities, to apply to become a part of the organization.

UNICEF has a zero-tolerance policy on conduct that is incompatible with the aims and objectives of the United Nations and UNICEF, including sexual exploitation and abuse, sexual harassment, abuse of authority and discrimination. UNICEF also adheres to strict child safeguarding principles. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks, and will be expected to adhere to these standards and principles.

**Qualified female candidates are encouraged to apply.**

**CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION/EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE. PLEASE NOTE THAT COMPLETION/ EXEMPTION OF NATIONAL SERVICE IS A REQUIREMENT. COPY OF CARD/EXEMPTION MUST BE ATTACHED. APPLICATIONS WITHOUT THIS REQUIREMENT WILL NOT BE CONSIDERED.**
**Closing date of Application:** **07 days from date of advertisement**

Please note that UNICEF is a smoke-free environment.

Candidates should submit their application by following the below link:
http://surl.li/krraof


In the online application, candidates should complete the online P11, upload their recent CV, highest academic qualifications, technical and financial proposals and other relevant qualifications.

**Remarks: only qualified candidates will be short-listed and invited for a written test and interview.**
**Applications submitted without a fee rate will not be considered.**

---

ኣብ ምም/ን/ዞባ ገዛ ጣንዱ ጎደና ዕደለ ቁ.ገዛ 10/16 ፕሎት 3 ፕርሰል F ስፍሓት 500 ት/ሜ/። ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1፡005981 ብስም ሰልቫና ካዚ. ጆቫኒ፡ ጆቫና ጆቫኒ ካዚ፡ ኤመሪን ጆቫኒ ካዚ. ዘለና ናይ ሓባር ንብረት (ገዛ) ናይ ሓብትና ኘፍ/ራት ሰልቫና ካዚ. ጆቫኒ ብጽሒት ብውርሲ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ዘይብሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታዮ ዞ/ማእከል ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነድ ኣቕሪብ ጉዳዩ ክፈጸም ምኳነይ እሕብር።

ኤመሪን ካዚ. ጆቫኒ



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሰገንን ገዛ ባንዳን ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ወሪደን

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብሓሙስ 15 ነሓሰ ኣብ ዝቐጸለ፡ ኩባንያ ሰገንን ገዛ ባንዳን ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ወረዳ።

ገዛ ባንዱ ንኩባንያ ሰምበል እያ ተጋጢማታ። ሰምበል ኩሉ ዛዕባ ድሒረአ ዓስራይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ጋንታ ብጨፈሕ 3-0 ኣሲፋታ። ቀዳማይ ዕረፍቲ ኣብ መበል 39 ደቒቕ ካብ ሄርሞን እስቲፋኖስ ቀዳመይቲ ሸቶ ዘመዝገበት ሰምበል፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ብተኸታታሊ ካብ ዳዊት ገብረእግዛኣብሄርን ብርሃ መሓሪን ሸቶታት ብምውሳኻ እያ ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ግጥም ከኣ ሄርሞን እስቲፋኖስ ተጻዊዑ። ኩባንያ ሰምበል፡ 14 ነጥቢ ብምሓዝ ውድድር ዛዚማ ኣላ።

ሰዓት 4፡00 ኩባንያ ሰገንን ጉዳይፍን



ተጋጢመን። ሰገኑ ንታሕቲ ንኸይትወርድ ክትዕወት ጥራይ እዩ ነይርዋ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ብመገዲ ሰለሙን ገብረመስቀል ብዝረኸበታ ሸቶ 1-0 መሪሓ ነይራ። እንተኾነ ጉዳይፍ ቀላል ጋንታ ኮይና ኣይወዓለትን። ኣብ መበል 42 ደቒቕ ካብ ጽንዓት ሽሞንዲ ብዝረኸበታ ሸቶ 1-1 ንዕረፍቲ ኣምረሓ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ ሰገን ካብ ምምላስ ክድሕና ዘኽእል ዝበረ ነጥቢ ከሰረ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ቲ ግጥም ሓለቓ ጋንታ ጉዳይፍ መርሃዊ ረዳእ ተረቒሑ። ተጻወትቲ ሰገን ኣብ መውጽኢታ ጸወታ ምስ ደያኑ ክጸረፉን ንበረት ፈደረሽን ክስብብሩን ብምርኣየም፡ ክልተ ተጻወትቲ ብቐይሕ ካርድ ተበሪርም እዮም። በዚ ወጽኢት፡ ገዛ ባንዳን ሰገንን ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ክወርዳ ተቐሲበን ኣለዋ።

እዚ ውድድር ጸባሕ ሰንበት ኣዱሊስን ማይ ተመናይን ኣስመራ በራን ኣልታሕረርን ብዝተዓዳአ ጸወታታት ክቐጽል ምኻኑ ህዝባዊት ርክብ እቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ይቕጽል

ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ናይ በረኻ ቅድድም ብሽኽለታ ኣካይዱ ነይሩ።

ኣብዛ ክልተ ናይ ዓቕብ ቅጽበታዊ ውድድር ዝበራ ውድድር ተቐዳደምቲ ካብ ደቀምሓረ ተበጊሶም ማይ-ሰራው እዮም ተመለሶም። ኣብ ቀዳማይ ናይ ዓቕብ ቅጽበታዊ ውድድር ኢቫን ሮቤል ካብ ዛራ ክዕወት እንከሎ፡ ሄኖክ ካሕሳይ - ማይ ጹብራ ዳኒኤል ኣብርሃም - ደንደን ደማ ሰዒቦሞ። ኣብ ካልኣይ ከኣ ሚልኪያስ ዳኒኤልን ሰሚር ብርሃኑን - ዛራ፡ ሂብል ገብረክርስቶስ - ብሪኸን ተዓዊቶም።

ኣብ መዛዘሚ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ ኢቫንን ሰሚርን - ዛራ፡ ናትናኤል ሳምሶን ካብ - ኦማል ተዓዊቶም። ሮቤል ከሰተ - ብሪኸን፡ ዳኒኤል ኣብርሃም - ደንደን፡ ሂብል ገብረክርስቶስ - ብሪኸን፡ ዳኒኤል ቴድሮስን ሚልኪያስ ዳኒኤልን - ዛራ፡ ናኣድ ዑቕባይ - ኦማል፡ ኤቨን ታደሰ - ዛራ ክሳብ 10ይ ኣትዮም።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዐብል ንደንደን 3-0 ሰዒራታ። ቀጺለን መርሃዊን እምባዮደራን ተጻዊተን። መርሃዊ ዋላ'ኳ 2-0 እንተተዓወተት፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ክትሓልፍ እንተኾይና ግና፡ ግድን ሓሙሽተ ሸቶታት ከተምዝግብ ስለዝነበራ፡ ናብ ዝቐጽል ዙርያ ክትሰግር ኣይከኣለትን። በዚ ከኣ ዐብል ብምልእ ትሽዓተ ነጥቢ ኑቲ ምድብ መሪሓ ክትሓልፍ እንከላ፡ ደንደን ብጹብለልታ ሸቶ ንመርሃዊ በሊጻ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሰጊራ።

ብወገን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ጽንዓት ንዚምባል 4-0 ሰዒራ ምድባ ብመሪሕነት ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋ። መሪብ ከኣ ንእምባዮደራ ብዑብላሊ ጸወታ 5-0 ኣሲፋ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሰጊራ።

ኣብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ ዘሎ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዛራ ንዚላል 2-1 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ መሪብ ንኪሉማ 3-2 ከምዝሰዓረታ ሓበሬታን ኣሰጋሽን ናይ'ቲ እዚ ሓቢሩ።

## ሮድሪ፡ ካብ መኽፈቲ ጸወታ ተኣልዩ

### ቦብ፡ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ . . .

ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ማን ሲቲ ዝኾነ ሮድሪ ሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ጋንታኡ ጸባሕ ሰንበት ናብ ቸልሲ ተጓዒዛ ኣብ እትካየዶ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ፕሪመር ሊግ ከምዝይሰለፍ፡ ኣሰልጣኒኡ ፐፕ ጓርድዮላ ኣፍሊጡ።

ሮድሪ ምስ ሃገሩ እስጳኛ ብምዃን ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ድሕሪ ምዕታሩ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ እዩ ናብ ሲቲ ተመሊሱ። እንተኾነ ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ዋንጫ ኤውሮጳ ዘጋጠሞ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ካብቲ ከምዝይሓወየሉ ይሕበር።

ጓርድዮላ ትማሊ ኣብ ዝሃበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ሮድሪ ልምምድ ኣይገበረን፡ ክሳብ ሕጂውን ኣይረኣኽዎን ዘለኹ። ጽቡቕ ዘሎ እዩ ዝመስል፡ እንተኾነ ኣካላቱ ከንቀሳቕሶ ምስ ጀመረ ኢና ከመይ ከምዘሎ ክንርኢ።" ኢሉ።

ሲቲ ዝሓለፈ ዓመት ሮድሪ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ዘይተሰለፈለን ኣርባዕተ ግጥማት ፕሪመር ሊግ፡ ኣብ ሰለስተ ተረቲዓ እያ። ብዎልቭስ 2-1፡ ብኣርሰናልን ኣስቶን ቪላን ከኣ 1-0 ተንበርኺኻ ነይራ። ንሉቶን ግና፡ 5-1 ኣሲፋታ። ጸባሕ ከ?

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ጓርድዮላ ትሰፋው መንእሰይ ተጻዋታይ ኦስካር ቦብ፡ ብሰንኪ ኣብ እዋን ልምምድ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ከምዝኾንደድ ገሊጹ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ኖርወያዊ ኣከፋፋሊ፡ ትማሊ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ መጥባሕቲ ምክያዱ'ውን እዚ እስጳኛዊ ዓላሚ ሓቢሩ።

በዚ ተኾሚቱ ዘሎ ግዜ ከኣ ኣብዚ ናይ ክረምቲ ናይ ምሕዛዙት ግጥማት ብሉጽ ምንቅስቓስ ከርኢ ዝወርሐ ቦብ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት 2025 እዩ ናብ ጸወታ ክምለስ። ሲቲ ሰሪ ምስ መጉዳእቲ ቦብ ከምኡ'ውን ምሻጥ ጁሊያን ኣልቫረዝ ኣብዚን ተሪፈን ዘለዋ ክልተ ሳምንቲ መተካእታ ተጻዋታይ ንምፍራም ዕዳጋ ክትወርድ ከምእትኽእል ይግመት። መስኮት ምስግጋር 30 ነሓሰ እዩ ክዕጾ።





ሮድሪ (ጸጋም)　ቦብ (የማን)

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮና ካልኣይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል ኣብ ካምፓ ቺቸሮ

ሓይሊ ኣየር - ጸጸራት 8፡00 ቅ.ቐ

ኣርባዕተ ኣስመራ - ጊጀረት 10፡00 ቅ.ቐ

ደንደን - ኣኸርያ 12፡00 ድ.ቐ

**ፕሪመር ሊግ**

ኢፕስዊዝ ታውን - ሊቨርፑል 2፡30 ድ.ቐ

ኣርሰናል - ዎልቨስ 5፡00 ድ.ቐ

ኤቨርተን - ብራይተን 5፡00 ድ.ቐ

ኒውካስል - ሳውዝሃምፕተን 5፡00 ድ.ቐ

ኖቲንግሃም - ቦርንማውዝ 5፡00 ድ.ቐ

ዌስትሃም - ኣስቶን ቪላ 7፡30 ምሸት

**ላ`ሊጋ**

ቫለንሺያ - ባርሴሎና 10፡30 ምሸት

**ሰሪኣ**

ጀኖኣ - ኢንተር ሚላን 7፡30 ምሸት

ኤሲ ሚላን - ቶሪኖ 9፡45 ምሸት

**

**ጽባሕ**

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን

ንጉዳዊ ጥቕሚ - ዘራእትን ጥሪትን 8፡00 ቅ.ቐ

ዕዳጋ ሓሙስ - ቲራቮሎ 10፡00 ቅ.ቐ

ገዛ ባንዳ - ማይ ተመናይ 12፡00 ድ.ቐ

## ሻኪሪ፡ ናብ ክለብ ሃገሩ ተመሊሱ

ስዊዘርላንዳዊ ተጻዋታይ ዜርዳን ሻኪሪ ብናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ምስ ናይ ሃገሩ ክለብ ባዝል ተጸምቢሩ።

ሻኪሪ ኣብ ለካቲት 2022 ካብ ሊዮን ናብ ኣመሪካዊት ክለብ ቺካጎ ፋየር ተሰጊጊሩ ክጻወት ጸኒሑ። ረቡዕ 14 ነሓሰ ግና፡ ዝበርሮ ውዕል ብናይ ሓባር ምርድዳእ ኣቋሪጹ፡ ካብዛ ክለብ ተፋንዩ። ትማሊ ከኣ ናብ ናይ ቅድም ክለቡ ባዝል ብናጻ ተጸምቢሩ።

እዚ ወዲ 32 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ ምስ ክለብ ባዝል እዩ ፈሊሙ ኣብ - 2009። ንሰለስተ ዓመታት ነዛ ጋንታ ድሕሪ ምግልጋሉ ከኣ ናብ ባየር ሙኒክ ተሰጊጊሩ ሰለስተ ዓመታት ተጻዊቱ። ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ሓደ ዕቑድ ድማ፡ ካብቶም ዝዓበዩ ሊጋት ኤውሮጳ



ከይወጽኡ፡ ምስ ኢንተርሚላን፡ ስቶክ ሲቲ፡ ሊቨርፑልን ሊዮንን ኣሕሊፉዎም። ድሕሪ 12 ዓመታት፡ ናብታ ፕሮፈሽናል ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዝጀመረላ ክለብ ተመሊሱ ኣሎ።

## ዊልያን፡ ካብ ፉልሃም ወጺኡ

ብራዚላዊ ተጻዋታይ ፉልሃም - ዊሊያን፡ ድሕሪ ክልተ ወቕተ-ስፖርት ካብዛ ጋንታ ከምዝተፋነወ ኣፍሊጡ።



እዚ ወዲ 36 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ መስከረም 2022 ካብ ብራዚላዊት ክለብ ኮሪንቲያንስ ብናጻ ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ተጸምቢሩ። ኣብ 67 ግጥማት ክጻወተላ እንከሎ፡ 10 ሸቶታት ድማ ኣመዝጊቡላ።

ዊሊያን ብመገዲ ናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ ኣቢሉ ኣብ ዝሰደዶ ናይ መፋነዊ ቃላት፡ ናብ ፕሪመር ሊግ ተመሊሱ ምጽዋቱን ኣካል እዛ ጋንታ ምዃኑን ፍሉይ ምንባሩ ገሊጹ። እዚ ፈጣን ኣጥቃዓይ፡ ዋላ'ኳ ካብ ፉልሃም ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ተቐሪቡሉ እንተነበረ፡ ንዓኡ ተሓሲሙ እዩ ምውጻኡ ወግዓዊ ገይሩ ዘሎ።

ኣብ ክልተ እብረ ብድምር ኣብ ፕሪመር ሊግ ንሓደ ዕቑድ ዝተጻወተ ዊሊያን፡ ኣብ 2013 ክሳብ 2020 ንቸልሲ ምጽዋቱ ይዝከር። ምስ'ዛ ለንደናዊት ክለብ ኮይኑ ከኣ ክልተ ዋናጩ ፕሪመር ሊግ፡ ኤፍኤ ካፕን ኤውሮጳያን ሊግን ዓቲሩ።

ካብ ቸልሲ ተፋንዩ ካብ ከተማ ለንደን ከይወጽአ ናብ ኣርሰናል ዝኾዘ ዊሊያን ንሓንቲ ዓመት ማልያ'ዛ ጋንታ ለቢሱ ድሕሪ ምጽዋቱ እዩ ናብ ሃገሩ ኣቕኒዑ ነይሩ። ንሓንቲ ወቕቲ ንኮሪንቲያንስ ወኪሉ ድማ፡ ደጊሙ ናብ እንግሊዝ ከተማ ለንደን ብምምላስ ንፉልሃም ክጻወተላ ጸኒሑ።

## እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

* ብመሰረት ጋዜጣ ፉትቦል ኢንሳይደር፡ ማን ዩናይትድ፡ ንኣከፋፋሊኣ ክሪስቲያን ኤሪክሰን፡ ናጻ ተጻዋታይ ምዃኑን ኣብዛ ወርሒ ክሉብ ክደሊን ሓቢራቶ። በዚ ከኣ እዚ ወዲ 32 ዓመት ደንማርካዊ፡ ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ትጽቢት ይግበረሉ።

* ሓዳስ ጋንታ ፕሪመር ሊግ - ኢፕስዊች ታውን፡ ንኣጥቃዓይ ቸልሲ ኣርማንዶ ብሮጃ ንምፍራም ትሰርሕ ኣላ። እዛ ጋንታ፡ ኣቐዲማ ንኣከፋፋሊ ማን ሲቲ ካልቪን ፍሊፕስ ብልቓሕ ከምዝፈረመቶ ይፍለጥ።

* ዓላሚ ቸልሲ ኢንዞ ማረስካ፡ ካብ እስጳኛ ዝተመልሰ ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ኮኖር ጋላገር፡ ዋላ'ኳ ልምምድ ጀሚሩ እንተሃለወ፡ ኣብ ጸወታ ግና ከምዘይህሉ ኣፍሊጡ። እዛ ዓላሚ፡ ጋላገር ምስ'ዛ ጋንታ ብምዃን ካልእ ፍታሕ የናዲ ምህላዉ እውን ሓቢሩ።

ብ33 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ከምዝተሰጋገረ ክግለጽ ዝቐየ ጋላገር፡ መስርሕ ኣብ መፈጸምታ ብዘይምብጽሑ፡ ሓሙሽተ መዓልታት ኣብ እስጳኛ ድሕሪ ምቕናዩ ናብ እንግሊዝ (ናብ ክለቢ ቸልሲ) ከምዝተመልሰ ይፍለጥ። ኣትሌቲኮ፡ ሓደ ተጻዋታይ ከየፋነወት ንጋላገር ክትውንኖ ኣይትኽእል እያ - ብመሰረት ጸብጻባት።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ታይላንድ - ጓል 37 ዓመት ፖለቲከኛ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኩይና

ባይቶ ታይላንድ፡ ጓሉ ንቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ዝነበረ ብዓል ሃብቲ ታክሲን ሺንዋትራ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ክትከውን ብዓብላሊ ድምጺ ከምዝመረጸ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ እታ ፓይቶንግታርን ዝተባህለት ጓል 37 ዓመት ሰበይቲ፡ ኣብ ታሪኽ'ታ ሃገር ኑቲ ጽሕፈ ሓላፍነት መንግስቲ ዝጨበጠት ካልኣይቲ ጓል-ኣንስተይቲ ጥራይ ዘይኮነት - እንተላይ ብዕድመ ዝንኣሰት መራሒት መንግስቲ እውን ክትከውን በቒዓ ምህላዋ ተገሊጹ።

ንሳ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኩይና



ናይ ደገፍን 145 ናይ ተቓውሞን ድምጺ ዝረኸበት ፓይቶንግታርን የመልክቱ።

ካብ ኣባላት ባይቶ ታይላንድ 319

በቲ ባይቶ ክትምረጽ ዝኸኣለት፡ ኑቲ መንግስቲ ክመርሕ ዝጸንሐ ቀዳማይ ሚኒስተር ስረታ ታቪሲን ብትእዛዝ ቅዋማዊ ቤት-ፍርዲ ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምእላዩ ድሕሪ ክልተ መዓልታት እዩ።

ፓይቶንግታርን ሺንዋትራ፡ ተዳኺሙ ዘሎ ቁጠባ ታይላንድ ምብርባር፡ ከምኡ ድማ ንሓያለ መንግስታት ካብ ስልጣኖም ዝኣለየ ወተሃደራዊ ዕልዋታትን ጣልቃታት ቤት-ፍርድን ደው ምባል፡ ገለ ካብ'ቶም ኣብ ስርሓ ዝጽበዩዋ ዘለዉ ዓበይቲ ብድሆታት ከምዝኾኑ፡ ዝተፈላለዩ ምንጪታት ዜና ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ስልጣን ቀዳማይ ሚኒስተር ካብ ዝጨበጡ ኣባላት ስድራቤት ሺንዋትራ ራብዐይቲ ኩይና ከምዝኾነ'ዩ ዝሕብር ዘሎ።

በልዮኑ ምኳኑ ዝንገረሉ ኣቦኣ ታክሲን ሺንዋትራ፡ ኣብ 2001 ቀዳማይ ሚኒስተር ኩይኑ ናብ ስልጣን ድሕሪ ምድያቡ፡ ኣብ 2006 ብዝተኻየደ ወተሃደራዊ ዕልዋ ካብ ስልጣኑ ከምዝተኣልየ ይዝከር።

እቲ ን15 ዓመታት ኣብ ስደት ዝጸንሐ ብዓል-ስልጣን ነበር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ናብ ሃገሩ ከምዝተመልሰ እውን ኣይርሳዕን።

## 'ኣዝዩ ሓደገኛ በዲዶ ህበይ ካብ ኣፍሪቃ ወጻኢ ተረኺቡ' ተባሂሉ

ሽወደን፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝበሉቶ ዓይነት በዲዶ ህበይ ንፈለማ ግዜ ካብ ኣፍሪቃ ወጻኢ ኣብ መሬታ ከምዝረኸበቶ ኣፍሊጣ።

ወከል ጥዕና'ታ ሃገር ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝሃርገሐ ሓበሬታ፡ ናብ ኣፍሪቃ ገይሹ ዝቐጸየ ሓደ ሰብ ኑቲ 'Clade 1' ዝተባህለ ዓይነት በዲዶ ህበይ ሐዚዎ ናብ ሽወደን ከምዝኣተወ ሓቢሩ።

እዚ ዝሕብር ዘሎ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዘስፋሕፍሐ ዘሎ መልከፍቲ ሕማም በዲዶ ህበይ - ህጹጽ ዓለማዊ ስግኣት ጥዕና ምኳኑ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ድሕሪ ምእዋጁ ድሕሪ ሓደት ሰዓታት እዩ።

እቲ ሕማም ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ድሕሪ ምኽሰቱ፡ ናብ ብዙሓት ዝበሉ ሃገራት ማእከላይን ምብራቓን ኣፍሪቃ የስፋሕፍሕ ምህላዉ'ዩ ዝንገር።

ካብቲ ልዕሊ 17 ሽሕ ዜጋታት በቲ ሕማም ክልከፉ እንከለዉ፡ ልዕሊ 500 ካብኣቶም ከምዝሞቱ - ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ጥዕና'ቲ ኣህጉር የመልክቱ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ፓኪስታን እውን በቲ ቫይረስ ዝተለኽፈ ሓደ ሰብ ከምዝረኸበ ትማሊ ዓርቢ ኣፍሊጡ።

እቲ ዝተለኽፈ ሰብ፡ ኣብ ሓንቲ ካብ ሃገራት ወሽመጥ ቀጽሪ ናብ ፓኪስታን ድሕሪ ምምላሱ ከምዝተፈልጠ ድማ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ሕማም ከይኣትዋ ዝጥንቀቓ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ብኸፊት፡ ብጠቢራት ይኹኑ መራኸብ ዝኣትዋ ጎያኖን ኣቑሑን ቁጽጽር ክትገብረሉ ምኳና ኣፍሊጣ።

ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም፡ እቲ ኣብ ደሪኮንጎ በዚ ቀታሊ ዓይነት በዲዶ ህበይ ዝተለኽፈ ናይ ፈለማ ሰብ፡ ካብ በልጂም ናብታ ሃገር ዝገሸ ወጻኢተኛ እዩ። በዚ ከኣ እቲ ቫይረስ ካብ በልጂም ኑቒሉ ክኸውን ከምዝኽእል ይእመን።




## "ዩክሬን ብሓገዝ ትካላት ስለያ ምዕራብ እያ ከተጥቅዕ ክኢላ" ሰብ-መዚ ሩስያ

ኣመራርሓ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ፡ ዩክሬን ናብ ልኡላዊ ግዝኣት ሩስያ ኣትያ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ክትከፍት ብስለያዊ ወተሃደራዊ ሓበሬታ ከምዝሓገዛ፡ ሰብ-መዚ ሩስያ ገሊጾም።

ሓደ ካብ ቀንዲ ኣማኸርቲ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ምኳኑ ዝንገረሉ ኒኮላይ ፓትሩሸቭ ዝተባህለ ብዓል-ስልጣን ክረምሊን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዩክሬን ብዘይ ሓገዝ ምዕራባውያን ንሩስያ ከተጥቅዕ ዓቕሚ ይኹን ትብዓት ከምዘይብላ ገሊጹ።

እቲ ጸሓፊ ቤት-ምኽሪ ጸጥታ ሩስያ ዝነበረ ብዓል-ስልጣን ኣብ ሓበሬታኡ



ወሲኹ፡ ኣመሪካ ኣብቲ ጉዳይ ኢድ ከምዘይብላ ዝዘከየ መግለጺ ወጺኡ ሓሶት ምኳኑ ኣረዲኡ።

ወተሃደራት ዩክሬን ኣብ ዞባ ኩርስ - ሩስያ ንዝ ብዙሓት ቁሸታት ተቖጻጺሮም እኳ እንተሃለዉ፡ ናብ ወሽጢ ግዝኣት ሩስያ ንምእታው ክገብሩዎ ዝጸንሑ ጎስጓስ፡ ብሰራዊት ሩስያ ከምታእ ክኢሉ ከምዘሎ በዓል-ስልጣን ነበር ሓቢሩ።

ኣማሓዳሪት ዞባ ከምዝገለጹ፡ ብሰንኪ'ቲ ሃንደበታዊ ወተሃደራዊ ስርሒት - ብውሕዱ 12 ሰላማውያን ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 121 ሰባት ቆሲሎም ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ልዕሊ 120 ሽሕ ነበርቲ ቁሸታቶም ለቒቖም ናብ ውሑስ ቦታ ከምዝገዓዙ እዩ ተሓቢሩ።

ሰበስልጣን ዩክሬን፡ ዕላማ'ቲ ኣብ ወሽጢ ግዝኣት ሩስያ ብኢጋር ሰራዊት ዝተየዱዎ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ሩስያ ናብ መኣዲ-ዘተ ንኽትመጽእ ጸቕጢ ንምፍጣር ምኳኑ እየም ዝገልጹ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ሰበስልጣን ሩስያ ኣብ ዝሃቡዎ ዘለዉ መግለጺታት፡ ዩክሬን ወተሃደራታ ናብ ወሽጢ ልኡላዊ ግዝኣቶም ኣስሊኻ ዘየደቶ ዘይጸበ-ይ መጥቃዕቲ፡ ንኽሱሉ ዕድላት ዝተሰረዎ ቀቲሉዎ ከምዝሎ ሓቢሮም።

ንዩክሬን ዘዕጥቓኣ ዘለዋ ከለን ሓይልታት ምዕራብ፡ በቲ ወተሃደራት ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ 'ይፍጽሙዎ ኣለዉ ዝበሉዎ ሽበራዊ ተግባራት' ተሓተቲ ምኳነን ከኣ እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም የጠንቀቑ።

## ዝበዝሑ ብሪጣንያውያን፡ ሃገሮም ዳግማይ ምስ ሕብረት-ኤውሮጳ ክትጽንበር ይደልዩ

ኣብ ብሪጣንያ ሓድሽ ረፈረንደም እንተድኣ ተኻይዱ፡ ልዕሊ 50% ካብ ጠቕላላ ብሪጣንያውያን ሃገሮም ዳግማይ ምስ ሕብረት-ኤውሮጳ ንኽትጽንበር ከምዝድግፉ፡ ኣብታ ሃገር ዝተኻየደ ሓድሽ ጽሁፋዊ መጽናዕቲ ኣመልኪቱ።

እዚ ዝገለጽ ዘሎ፡ ብሪጣንያ ብህዝባዊ ረፈረንደም ኣቢላ ካብቲ ሕብረት ካብ እትወጽእ - 8 ዓመት ኣቖጺራ ኣብ ዘላትሉ እዋን እዩ።

ብመሰረት እቲ 'ዩጎቭ' ብዝተባህለ ትካል ዝተኻየደ - ኣብ ርእይቶ ልዕሊ 2 ሽሕ ብሪጣንያውያን መሰረት ዝገበረ መጽናዕቲ፡ ዳግማይ ረፈረንደም እንተዝካየድ፡ 59% ካብ ዜጋታት ብሪጣንያ ምስ'ቲ ሕብረት ዳግማይ ንምጽንባር መድመጹ ነይሮም።





ብተወሳኺ፡ 55% ካብ ዜጋታት ብሪጣንያ፡ ሃገሮም ዝወሰደቶ ካብቲ ሕብረት ናይ ምውጻእ ስጉምቲ ፍጹም ጌጋ ምንባሩ ይኣምኑ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ምርጫ ብገፊሕ ድምጺ ብልጫ ናብ ስልጣን ዝደየበ - ብቐዳማይ ሚኒስተር ኪር ስታመር ዝምራሕ ሓድሽ መንግስቲ፡ ንብሪጣንያ ደጊሙ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ ሓብራዊ ዓዲጋ ይኹን ሕብረት ግምኣክ ከምዘይመልሳ ይገልጽ ብምህላዉ፡ ድሌት ዝበዝሑ ብሪጣንያውያን ዝዝደሉ ግዜ ርሑቕ ከምዝኾነ እዩ ዝሕብር።

ማእርሕ ምውጻእ ብሪጣንያ ካብ'ቲ ሕብረት ኣብ 2020 ምስ ተዛዘመ፡ መጠን ጃምላ ዘቤታዊ እቶት እታ ሃገር ብኣስታት 5% ከንቆልቁል እንከሎ፡ ዋጋ መሳብሮ ድማ ብሰንኪ ምድካም ንግዳዊ ምንቅስቓሳን ወፍሪን ኣዝዩ ከምዝወሰኸ ክኢላታት ስነ-ቁጠባ ኤውሮጳ የረድኡ።

## ኣመሪካ፡ ብቕትለት 23 ሰብ ዝድለ ሰደተኛ ሒዛ

ሰብ-መዚ ኢሚግረሽን ኣመሪካ፡ ኣብ ፔሩ ብቕትለት 23 ሰብ ክድለ ዝጸንሐ ዕሉል ናይ ገበን ጥርጡር፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተዉ ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰብ-መዚ፡ እቲ ጂያንፍራንኮ ቶረስ-ናቫሮ ዝተባህለ - መራሒ ናይ ሓንቲ 'ሎስ ከለርስ' ዝተባህለት ጉጅለ ገበነኛታት ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ከፍለ-ሃገር ኒውዮርክ እዩ ተታሒዙ።

እቲ ወዲ 38 ዓመት ጥርጡር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ካብ ፔሩ ድሕሪ ምህዳሙ እዩ ብዶብ መክሲኮ - ቴክሳስ ኣቢሉ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ኣመሪካ ኣትዩ።

ሰብ-መዚ ኢሚግረሽን ኣመሪካ ብዘይካ'ዚ፡ ዓርኩ



ምኳና ዝንገረላ ሚሸለ ዝተባህለት ጥርጥርቲ እውን ኣብቲ ገበናት የማናይ ኢዱ ኩይና ክትዋሳእ ከምዝጸንሐት ካብ ሰብ-መዚ ፔሩ ሓበሬታ ድሕሪ ምቕባሎም፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተዉዋ ገሊጾም።

ኣመሪካ፡ ንኽልቲኦም ጥርጡራት ንፔሩ ከተረክብ ትጽቢት ከምዘሎ ይሕበር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሂወት | 17/08/24 | ጎደና ብድሆ ቱባቢ ሽዳ ፡(ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565